books2ebooks.eu

NYSTRÖM, KARL

# Fridssånger.

1920

books2ebooks.eu

Kungliga Biblioteket

KUNGL. BIBLIOTEKET
National Library of Sweden

# EOD - Millions of books just a mouseclick away! In more than 12 European countries!



**Thank you for choosing EOD!**
European libraries are hosting millions of books from the 15th to the 20th century. All these books have now become available as eBooks – just a mouse click away. Search the online catalogue of a library from the eBooks on Demand (EOD) network and order the book as an eBook from all over the world – 24 hours a day, 7 days a week. The book will be digitised and made accessible to you as an eBook.

## Enjoy your EOD eBook!

■ Get the look and feel of the original book!
■ Use your standard software to read the eBook on-screen, zoom in to the image or just simply navigate through the book
■ *Search & Find:** Use the full-text search of individual terms
■ *Copy & Paste Text and Images:** Copy images and parts of the text to other applications (e.g. word processor)
*Not available in every eBook.

## Terms and Conditions

With the usage of the EOD service, you accept the Terms and Conditions provided by the library owning the book.
■ Terms and Conditions: https://books2ebooks.eu/csp/en/nls/en/agb.html

## More eBooks

Already 40 libraries in over 12 European countries offer this service.
Search books available for this service: https://search.books2ebooks.eu
More information is available at https://books2ebooks.eu

Kungl. Biblioteket
STOCKHOLM
Vitt.
Sv.
Andl. poesi

Fridssånger

# መዝሙር፡ሰላም፡፡

av

K. Nyström

ቃል፡ ክርስቶስ፡ ብምልአት፡ አባኹም፡ ይሕደር፡ ነንሐድሕድኩም፡ ብጥበብ፡ ኩሉ፡ እናመሀርኩምኒ፡ እናመዐድ ኩምኒ፡ ብመዝሙርኒ፡ ብምስጋናን፡ ብመንፈሳዊ፡ ዝማሬን፡ ብጸጋ፡ ኣብ፡ ልብኹም፥ ንእግዚአብሄር፡ እናዘ መርኩም።

ቆላ፡ ፫፡ ፲፮።


(101 sånger)

1920

ብ፲፱፻፳፡ ዐመት፡ ድሕሪ፡ ልደት፡ ክርስቶስ፡ ብማሕተም፡ ሚስዮን፡ ስዌደሴ፡ አብ፡ አስመራ፡ ተሐትመ።

AS. MARA

(på tigriña)



ኣቱም፥ ኣብ፡ ኩሉ፡ መኻን፡ ግዝኣቱ፡ ዘሎኹም፥ ኵልኹም፡ ፍጥረቱ፡ ንእግዚኣብሄር፡ ባርኹ። ነፍሰይ፡ ንእግዚኣብሄር፥ ባርኺ።

መዝሙር፡ ፻፫፡ ፳፪።

## መዝሙር፡ ምስጋና።

፩፡

፩፡ አምላኽና፡ ብሩኽ፡ ንጉስ፡ ኢዩ፡
ብሐይሉ፡ ብኽብሩ፡
ከንኽብሮ፡ ንተአከብ፡
አቱም፡ ህዝቢ፡ ኹሉ።
ኵሉ፡ ፍጥረት፡
አሉ፡ ብቓሉ፡ ኽእለት፡
ድማ፡ ንኹሉ፡ ይሕሉ።

፪፡ አምላኽ፡ ነመስግን፡ ንኹሉ፡
ብጽቡቕ፡ ዘዳሉ፡
ፈጣሪና፡ ብለውሃት፡
ይርእየናውን፡ አሉ።
ብሽጋርና፡
ባዕሉ፡ ዩ፡ ሐጋዚ ና፡
ኵልና፡ ይስከሙና።

፫፡ አምላኽ፡ ነመስግን፡
ናይ፡ ኵልና፡ አቡ፡ ዝኾነ፡

ወጁ ስሌና፡ አብ፡ መስቀል፡
ንሙማት፡ ዝሀበ፥
ሎሚ፡ ኸአ፡
እሙናት፡ ንምሕላው፡
መንፈሱን፡ ቃሉን፡ ዚሰድድ።

፫፡ አምላኽ፡ ንባርኽ፥ ነፍቅሮ፡
ኸአ፡ ነገልግሎ፥
ስልጣንኒ፡ ኽብርን፡ ጥበብኒ፡
ናይ፡ በይኑ፡ እዩሞ።
ነቐርብ፡ ስብሐት፡
ስለቲ፡ ሕብረት፡ አሕዋት፡
ንሱ፡ ብክርስቶስ፡ ዚህበና።

(S. T. 1.)

---

፪፤

፩፡ ዎ፡ ሰማያዊ፡ አምላኽና፡
ስብሐት፡ ይኹን፡ ንአኻ፡
መታን፡ ህያብካ፥ ፍቕርኻ፡
ለዊህካ፡ ዝሀብካና።
ሰላም፡ ናብ፡ ምድሪ፡ ሰደድካ፡
ብናይ፡ ዘለአለም፡ ምኽርኻ፡
ንአና፡ ባህ፡ ኪብለና።

፪፡ ዎ፡ የሱስ፡ ክርስቶስ፡ ሓውና፡
ጥፍኣትና፡ ምስ፡ ርኤኻ፡
ከተድሕና፡ ንነፍስና፡
ተዋሪድካ፡ መጺእካ።
ኣብ፡ መስቀል፡ ሞትካ፡ በጃና፡
ስርየት፡ ካብ፡ ኵሉ፡ ዐገብና፡
ምስ፡ ኣመንና፡ ኽንረክብ።

፫፡ ዎ፡ መንፈስ፡ ቅዱስ፡ ልብና፡
ንመቕደስካ፡ ግበሮ፡
ኣብኡ፡ ኽትነግስ፡ ንስኻ፡
መገድኻ፡ ኽትመርሐ።
ጸግዕና፡ ኹን፡ ብገድልና፡
ብየሱስ፡ ክርስቶስ፡ ኣሚና፡
ኣኽሊል፡ ሰማይ፡ ክንቕበል።

(S. T. 437.)

---

፫፡

፩፡ ንእምላኽ፡ ኣኽብሩ፡
ብሓጎስ፡ ኵሉ፡ ህዝቢ፡
ስሌና፡ ገበረ፡
ግሩም፡ ዝኾነ፡ ግብሪ።
ካብ፡ ማሕጸን፡ ጀሚሩ፡

ብዓቢ፡ ጸግኡ፡
ክንደይ፡ ብዙሕ፡ ህያብ፡
ንአና፡ ዚህቦ።

፯፡ ናይ፡ ጸጋ፡ አምላኽና፥
ንሱ፡ ይደግፈና፡
ብፍቕሪ፡ ልብና፡
ኪኸውን፡ ምግልጋልና።
ለዋህ፡ መድሐኒና፡
ብዐቢ፡ ምሕረቱ፡
ናባናውን፡ ይኹን፡
ዘለአለም፡ ማእቶቱ።

፰፡ ምስጋና፡ ንአምላኽ፡
ንኣብ፡ ወልድ፡ መንፈስ፡ ቅዱስ።
ብሩኽ፡ እግዚአብሄር፡
ንኹሉ፡ ዐለም፡ ንጉስ፡
ካብ፡ ጥንቲ፡ ነበርካ፡
ንጥንቲ፡ ድማኢ፡
ትነብር፡ ንስኻ፡
ካብ፡ ኵሉ፡ ከባሪ።

(S. T. 515.)

## ፬፡

፩፡ ኤልዕል፡ ኣብ፡ ኣኽራን፡ ዐይነይ፣
ካብኡ፡ ̓ዩ፡ ሐገዘይ፣
ረዳእየይ፡ ̓ዩ፡ ዝሰርሔ፡
ንምድሪ፡ ንሰማይ።
ኣእጋረይ፡ ከንደልህጻ፡
ከቶ፡ አይሐድግኒ፣
ዚሕልወኒ፡ ድማ፡
እኳ፡ አይድቅስኒ።

፪፡ ንእስራኤል፡ ዚሕሉ፡
ንሱ፡ አይደክምኒ፣
ይምክተልካ፡ እዩ፡
ዚጥንቀቕ፡ ሐላዊ፡
ሀሩር፡ ከየንድደካ፡
መዐልቲ፡ ብጽሐይ፡
ካብ፡ ወርሒውን፡ ብለይቲ፡
አሎካ፡ ነቓሐይ።

፫፡ አምላኽና፡ የድሕነና፡
ካብ፡ ዘበለ፡ ኽፍኣት፡
ንነፍስና፡ ይሐሉ፡

ካብ፡ ውድቀት፡ ኣብ፡ ሐጢያት።
ምእታውና፡ ጐይታ፡ ሐሉ፡
ምውጻእናውን፡ ከአ፡
ካብ፡ ሕጂ፡ ንዘለኣለም።
ኣሜን፡ ሀሌሉያ።

(S. T. 18.)

---

፫፤

፩፡ ጽኑዕ፡ እምባ፡ ኣምላኽና፡ ’ዩ፡
ብርቱዕ፡ መሳረርያና፤
መድሐኒና፡ እዩ፡ ንሱ፡
ካብ፡ ኵሉ፡ ጸበባና።
መስፍን፡ ጸልማት፡ ወረደ፡
ቂሙ፡ ኣግደደ፡
ሐሶቱ፥ ተንኰሉ፡
ንኡ፡ ኣጽዋር፡ እዩ።
ከምኡ፡ ኣብ፡ ዐለም፡ የልበን።

፪፡ ኣይኸውንኒ፡ ብሐይልና፡
ሸዓ፡ ንስነፍ፡ ኢና፥
ግን፡ ኣምላኽ፡ ሐዴ፡ ሐረየ፥
ንሱ፡ ይዋግኣልና።
እንተ፡ ሐተትካ፡ ሸሙ፡

የሱስ፡ ክርስቶስ’ ዩ፥
ጐይታና፡ ጸባኦት፥ ግርማ፡ ተኸዲኑ፥
ከፍ፡ ዘለ፡ ኣብ፡ ዝፋኑ።

፫፡ ኣብ፡ ዐለምና፡ እንተ፡ በዝሐ፡
ናይ፡ ጸልማት፡ ጭፍራ፡ ኹሉ፥
ብዙሕ፡ ዘፍርህ፡ የብልናን፡
ኣምላኽ፡ ይሕልወና።
መስፍን፡ ዐለም፡ ተፈርዶ፡
ሐይሉውን፡ ጠፍኡ።
ኪጐድእ፡ ነፍስና፡
ኣይደፍርኒ፡ ኸኣ፥
ብሐንቲ፡ ቓል፡ ይወድቕ።

፬፡ ቃል፡ እግዚ.ኣብሄር፡ ጽኑዕ፡
ኣብ፡ ልብና፡ ንጸሮ።
ኣብ፡ ዐለም፡ ዘሎና፡ ውግእ፡
ስለ፡ ሰማይ፡ ንገብሮ።
ወርትግ፡ ሕጉሳት፡ ኢና፡
በቲ፡ ሸጋርና፡
ግድ፡ የልቦን፡ ዘሎና፡
ኪጠፍእ፡ ካባና፡
ርስቲ፡ ሰማይ ክንወርስ።

(S. T. 472.)

፮፡

፩፡ ክብሪ፡ ይኹን፡ ንአቦና፡
ስለ፡ ዘይጥለም፡ ተስፋ።
ከም፡ እስራኤል፡ ንሕና፡ ኸአ፡
ካብኡ፡ ንረክብ፡ ማና።

፪፡ ብእዋነይውን፡ ከወርሶ፡ 'ዩ፡
ነቲ፡ ብጺዕ፡ ከንአነይ፡
ድል፡ ረኺበ፡ ከልዕል፡ ኢዩ፡
ዕርቂ፡ ሰንደቕ፡ ዕላማይ።

፫፡ ሀሌ፡ ሉያ፡ ልዑል፡ አምላኽ፡
ንህዝብኻ፡ 'ትሕሉ።
ምስ፡ ሰደድካለይውን፡ ልኡኽ፡
አብ፡ መቕደስካ፡ እአቱ።

(S. T. 336.)

---

## መዝሙር፡ ምድሐን።

፯፡

፩፡ ንዐለም፡ አምላኽ፡ ፈተዎ።
ወዳ፡ በጃ፡ ኽሳዕ፡ ዚሀብ፡

ብኡ፡ ዝአመኑ፡ ሰብ፡ ኵሎም፡
መታን፡ ኪድሕኑሉ።

፪፡ እዚ፥ እዩ፡ እሞ፡ ፍቕሪ፡
ከይፈቶናዮ፡ ኸሎና፡
ክንዳና፡ ወዱ፡ ብምሕረቱ፡
ኪመውት፡ ሰደዶ።

፫፡ ብሐቂ፡ ዐቢ፡ ጸግኡ፡
በዚ፡ ንአና፡ ገለጸ፡
ንሐደ፡ ወዱ፡ ብምሕላፉ፡
ሐጢአትና፥ ንምርሐቕ።

፬፡ ንየሱስ፡ ክርስቶስ፡ ሰደዶ፡
ክንአምን፡ ክንድሕን፡ ብኡ፡
ከኣ፡ ኽንነብር፡ ንኽብረቱ፡
ክንፋቶ፡ ስሊኡ።

(S. T. 16.)

---

፳፡

፩፡ ሽም፡ የሱስ፡ ተስፋና፡ እዩ፡
ካብ፡ ሸጋር፥ ንድሕን፡ ብኡ፡
ብየሱስ፡ ሞገስ፡ ረኺብና፥
ምኽሪ፡ ብኹሉ፡ ጭንቀትና።

፪፡ ዎ፡ የሱስ፡ ወዲ፡ እምላኽና፡
ፈሐቆ፡ ኹሉ፡ ዐመጽና፥
መሐርን፡ ሐጋዝን፡ ኢኻ፡
ከም፡ ሰብ፡ ስለ፡ ተፈተንካ።

፫፡ ብእኻ፡ ጽድቂ፡ ረኺብና፡
ብጽዕናን፡ ሐጎስኒ፡ ኸአ።
ብሽምካ፡ እተአመኑ፡
ካብ፡ መቁሕ፡ ሞት፡ ይፍትሑ።

፬፡ ክበር፡ መታን፡ ቅዱስ፡ ቃልካ፡
መታን፡ ጥምቀት፡ ቁርበን፡ ከአ።
ሰላምካ፡ ሀብ፡ አብዚ፥ ህይወት፡
ርስቲ፡ ሰማይውን፡ ድሕሪ፡ ሞት፡

(S. T. 449.)

---

፱፡

፩፡ የሱስ፡ መድሐኒየይ፡ አብ፡ ቤት፡ ልሄም፡
ተወልደ፡ ንሕስራን፡ አብቲ፡ መብልዕ፡ማል።
ክንደይ፡ ዘገርም፡ ሽሙ፡ ይመስገን፡
መጺ፡ ንአይ፡ ንአይ።
ክንደይ፡ ዘገርም፡ ሽሙ፡ ይመስገን፡
መጺ፡ ንአይ፡ ንአይ።

፪፡ የሱስ፡ መድሓኒየይ፡ አብ፡ መስቀሉ፡
ዐቢ፡ ዕዳ፡ ምእንታይ፡ ኽፈሉ።
ክንደይ፡ ዘድንቕ፥ መስትንክር፡ እዩ፥
ሞተ፡ ንአይ፡ ንአይ።

፫፡ የሱስ፡ መድሓኒየይ፡ ከም፡ ቀደሙ፡
ካብ፡ ደምቢኡ፡ ፍሉይ፡ ርሑቕ፡ ከሎኹ፥
መመሊሹ፡ አቕረበኒ፡ ናብኡ፡
ጸጸዊዑ፡ ንአይ።

፬፡ የሱስ፡ መድሓኒየይ፡ ወራዲ፡ 'ዩ፥
ባህ፡ የብለኒ፡ በዚ ተስፍኡ።
አብዚ፡ ይምለስ፡ ምስ፡ ሰራዊቱ፡
ስለ፡ ንአይ፡ ንአይ።

(Sacr, S. & S. 481.)

---

፲፡

፩፡ የሱስ፡ ንዐለም፡ ኵነ፡ በጃ፥
ምስትውዓለይ፡ አብርሀ፡ ጐይታ።
ንሱ፡ አብ፡ መስቀል፡ ሞተ፡ ንአይ፡
ሐራ፡ ኽውጽእ፡ ካብ፡ አበሳይ።

፪፡ ክንደይ፡ የደንቕ፡ ዐቢ፡ ፍቕሩ፥
አይተርኤን፡ ዚመስል፡ ንኡ።

ሐራ-ን፡ ሰላምኒ፡ ኻብ፡ ረኸብኩ፡
ናቱ፡ እኸውን፡ ንኽብረቱ።

፫፡ ተቐበለኒ፡ ደጊም፡ ጐይታይ፡
ካብ፡ መቑሕ፡ ሰይጣን፡ ፍታሕ፡ ንእይ፡
ጐይታይ፡ ካባኻ፡ ኰይነ፡ ርዱእ፡
ክኽተለካ፡ ዕድመይ፡ ምሉእ።

(S. T. 41.)

---

## ፲፩፡

፩፡ የሱስ፡ ፈቃር፡ ’ዩ፡ ኻብ፡ ኵሉ።
ከምኡ፡ ’ኳ፡ አይርከብኒ።
ምስቶም፡ ካብኡ፡ ዝረሐቑ፡
ምጽምባር፡ አይፈቱኒ።
ዚፈልየኒ፡ የልቦን፡ ከቶ፡
ካብ፡ እሙን፡ አማንየይ፡
አነ፡ ገንዘቡ፡ እኹኖ፡
አብዚ፡ ምድሪ፡ አብ፡ ሰማይ፡፡።

፪፡ ንሱ፡ አብ፡ ክንዳይ፡ ሞተለይ፡
ማንም፡ አይፈርደለይኒ።
ለመኖ፡ ንአብ፡ መታነይ፡
ንዘለአለም፡ ንጥቅሚ።

መን፡ ኪኸስስ፡ ይክእሎ፡
ንእምላኽ፡ ዝሐረዮ፡
ሙን፡ ይኽእል፡ ካብኡ፡ ኺፈልዮ፡
ዕቝብኡ፡ ዝገበሮ።

፫፡ ኦርጊጬ፡ እፈልጥ፡ ኢዩ፡
ህይወት፡ ኮነ፡ ሐደው፡ ሞት፡
ካብ፡ መድኒሐየይ፡ ነይፍንቴ፡
እኳ፡ በቶም፡ ሐያላት፡
ዘሎ፡ ኸነ፡ ወይ፡ መጻኢ፡
ሐጎስኒ፡ ጓህን፡ ከአ፡
ክርሕቐኒ፡ አይኽእልኒ፡
ካብ፡ ክቡር፡ ፍቶት፡ ጐይታ።

(S. T. 496.)

---

፲፪፡

፩፡ ናይ፡ ዐለም፡ መድህን፡ መጺ፡
ካብ፡ ኣብ፡ ተላኢኹ፡
ንእና፡ የሱስ፡ ክርስቶስ፡
በጃ፡ ተዋሂቡ።
ንሱ፡ ብርሃን፡ ሀበና፡
ካብ፡ ጸልማት፡ አውጽእና፡
ካብ፡ ኵሉ፡ ጭንቀትና።

፪፡ ስጋ፡ ኺለብስ፡ መጸ፡
ሃስጉን፡ ናይ፡ ጸጋ፡ እዋን፡
ኣብ፡ ልዕሊ፡ ምድሪ፡ ወጸ፡
ምስ፡ ዕርቂ፡ ምስ፡ ብርሃን።
ንሓይሊ፡ ሞት፡ ሰዐረ፡
ናይ፡ ጸልማት፡ መቑሕ፡ ፈትሔ፡
ሰማያትውን፡ ኣርሐ።

፫፡ ርድኣና፡ የሱስ፡ ክርስቶስ፡
ኣብ፡ ቃልካ፡ ጠሚትና፡
ካብኡ፡ ብርሃን፡ ክንረክብ፡
ህይወት፡ ብመንፈስካ።
ምድላይና፡ ካብዚ፡ ምድሪ፡
ከብ፡ ከንቱ፡ ነገር፡ ኩሉ፡
ናብ፡ ጽድቕኻ፡ ምለስ።

፬፡ ከብ፡ ኣብ፡ ዝረኸብካዮ፡
ትሕሉ፡ ባዕልኻ፡
ናብቲ፡ ዘለኣለም፡ ህይወት፡
ትመርሕ፡ ህዝብኻ።
ንኣይ፡ ከኣ፡ ምርሐኒ፡
ናብቲ፡ ጥዑም፡ ዕረፍቲ፡
ኣብ፡ ሐጎስ፡ ኣቦኻ።

( S. T. 443. )

## መዝሙር፡ ምምጻእ፡ ክርስቶስ።

### ፲፫፡

ሆሳእና፡ ወዲ፡ ዳዊት፥
እተባረኽ፡ ንሱ፡ እዩ።
ብሩኽ፡ እዩ፡ ወዲ፡ ዳዊት፡
ብሽም፡ እግዚአብሄር፡ ዚመጽእ።
ሆሳእና፡ አብ፡ አርያም፥
ሆሳእና፥ ሆሳእና።
ብሩኽ፡ እዩ፡ ወዲ፡ ዳዊት፡
ብሽም፡ እግዚአብሄር፡ ዚመጽእ።
(S. T. 20.)

---

### ፲፬፡

፩፡ ክቡር፡ መድሐኒና፡
ይመጽእ፡ ናባና፥
እቲ፡ ብሩኽ፡ እዋን፡ ተገልጸ፡
ነቢይ፡ ከም፡ እተነበ።
ሆሳእና፥ ስግደት፥ ክብረት፡
ንሁብ፡ ንጐይታ፡ ጐይተት።

፪፡ አይመጸን፡ ከቢሩ፡
ግና፡ ንጉስ፡ እዩ፤
ሕሱር፡ እዩ፡ ትርኢቱ፡
ግን፡ ኬ፡ ንሞት፡ ይስዕሮ።
ሆሳእና፥

፫፡ ምሉእ፡ 'ዩ፡ ብለውሃት፡
ይሀብ፡ ንድ'ኹማት፡
ብጽእና፥ ሐይሊ፥ ዕርቂ፥
ከቶ፡ ዘይሐልፍ፡ ርስቲ።
ሆሳእና፥

፬፡ ክፈቶ፡ ልብ'ኻ፥
ይእቶ፡ ኣብኡ፡ ጐይታ፥
ኣብ፡ እንዳ'ኻ፡ 'ኺነብር፥
መቕደስ፡ ንኡ፡ 'ኺገብር።
ሆሳእና፥

፭፡ ብሐጎስ፡ እልል፡ በል፤
መጺ፡ ኣማኑኤል፡
ናይ፡ ጽዮን፡ ንጉስ፡ ንሱ፡
ዚገዝእ፡ ፍጥረት፡ ኩሉ።
ሆሳእና፥

፲፡ አዳሉ፡ ጐደና፡
ዚኸዶ፡ ጐይታና፥
ክዳንካ፡ አንጽፈሉ፥
ፍቶ፡ ምግባር፡ ትእዛዙ።
ሆሳእና፥

፲፩፡ ምሳና፡ ሕጻናት፡
የቕርቡሉ፡ ስብሐት፡
ከምኡውን፡ አህዛብ፡ ኵሉ፡
ተሐጉሾም፡ ይዘምሩ፤
ሆሳእና፥ ስግደት፡ ክብረት፡
ንሀብ፡ ንጐይታ፡ ጐይተት።
(S. T. 414.)

መዝሙር፡ ልደት።

፲፫፤

፩፡ መጻእኪ፥ ብርኽቲ፡ ብጊሐት፤
ዝነገሩልኪ፡ ነቢያት፡
ተበሸርኪ፡ ናባና።
መዐልቲ፡ ጽብቕቲ፡ ዐባይ፥
ብኣ፡ አብ፡ ምድሪ፡ ኻብ፡ ሰማይ፡
አምላኽ፡ ሀበና፡ ጸጋ።

ኵሉ፡ ህዝቢ፥
ሀብ፡ ምስጋና፡
ንጐይታና።
ብጸሎትና፡
ንተአከብ፡ አብ፡ ልዑልና።

፱፡ ጠባዩ፡ ፍጹም፡ አምላኽ፡ ዩ፡
ግን፡ ወዲ፡ ሰብ፡ ከአ፡ ኾይኑ፥
ብኡ፡ ምቕራብ፡ ከነልና።
ተስፋ፥ ሰላም፡ ሒጕ፡ መጸ፡
ኪደሊ፡ ኹሉ፡ ዚጠፍኤ፡
ሽጉር፡ ኪረድእ፡ ድማ።
ከሙቑና፥
ከቕርበና፡
ንሐድሕድና፡
ዝረሐቕና፡
ፍቕርውን፡ ዝጐደለና።

፲፡ ንብዐት፡ ከማና፡ አፍሲሑ፡
ብመከራ፡ መርሀዊ፡ ዩ፥
ብሐይሉ፡ ይረድአና።
የማቕለና፡ ምኽሪ፡ ኣብ፡
ይጽምብርውን፡ ጥዑም፡ ህያብ፡

አብ፡ ኰሉ፡ ሐርቖትና።
ጫንቀት፡ ጸረ፡
ድማ፡ ሞተ፤
አብ፡ ክንዳና፡
ሐለፈልና፡
መንግስቱ፡ ኪዕድለና።

፬፡ ስለ፡ ምድሓንና፡ መጺኡ፤
ብርሀንኒ፡ ጸጋን፡ አምጺኡ፡
ከጥፍእ፡ ጸልማት፡ ዐለም።
ንሱ፡ ለዋህ፡ ሐላዊ፡ 'ዩ፤
ተሐጕሸና፡ ንኹን፡ ንኡ፡
ካብ፡ ሕጂ፡ ንዘልአለም።
ሕጉሳትኒ፡
ዕውታትኒ፡
ክንኮነሉ፡
ብምልአቱ።
ንዘለአለም፡ ክንክበረሉ።

(S. T. 446)

## ፲፮፡

፩፡ አቲ፡ ምስግንቲ፡ አቲ፡ ቕድስቲ፡
ዐባይ፡ ብርኽቲ፡ ብዐል፡ ልደት።
አቕርቡ፡ ኽብሬ፡ ኻብ፡ ኵሉ፡ ምድሬ፤
ፍቕሪ፡ ጐይታና፡ ተበሸረት።

፪፡ መጺኡ፡ መድሕን፡ ንህዝቡ፡ ዘድሕን፡
ክርስቶስ፡ ጐይታ፥ ኻብ፡ ሱር፡ እሴይ።
ዕርቂ፡ ተገልጸ፥ ሐሬ፡ ተረኽበ፥
ሕጎይ፡ ተሐጎሲ፥ ዎ፡ ነፍሰይ።

፫፡ ካብ፡ ኢድ፡ አቦና፡ ሀብቲ፡ ረኽብና፤
ዐቢ፡ ዘይንገር፡ ምሕረቱ።
መንፈሱ፡ ድማ፡ የሳልየና፡
መታን፡ ክንአቱ፡ ብጹእ፡ ቤቱ።

(S. T. 27.)

---

## መዝሙር፡ ሕማማት።

## ፲፯፡

ዎ፡ በጊዕ፡ አምላኽ፡ ቅዱስ፡
አብ፡ መስቀል፡ ዝሞትካልና፥

ብኹሉ፡ ኸንከ፡ ዕጉስ፡
እናነዐቑኻ፡ ’ኳ።
በደልና፡ ኹሉ፡ ጾርካ፥
ናይ፡ ሞት፡ ስልጣን፡ ሰዐርካ።
ዎ፥ የሱስ፥ አድሕነና።

(S. T. 458.)

---

፲፰፤

፩፡ ንዑ፡ ኹላትኩም፡ ንምርኣዩ፡
ናይ፡ መድሓኒና፡ ሙማት።
መርገም፡ ሞት፡ ካብ፡ ጾረ፡ ንሱ፡
ይግብኣና፡ ’ዩ፡ ብኽያት።
ከም፡ ንሱ፡ ዝወረዶ፡
እኳ፡ የልቦን፡ ዝበጽሐ።

፪፡ ሸንከሩ፡ ቅዱስ፡ አካሉ፥
ነፍሱ፡ ኹሉ፡ ቈሰለ፥
ናይ፡ እሾኽ፡ አኽሊል፡ ደፍኡሉ፡
ደም፡ ካብ፡ ገጹ፡ ነጠበ።
ከም፡ ንሱ፡ ዝወረዶ፡
እኳ፡ የልቦን፡ ዝበጽሐ።

፫፡ ፈጺሙ፡ ንነፈሱ፡ ሀባ፡
ለመን፡ ኸምዚ፡ ኢሉ፤
"ኣቦይ፥ ነፍሰይ፡ ሐደራ'ኻ፡
እህበካ፡ እሎኹ።"
ከም፡ ንሱ፡ ዝወረዶ፡
እኳ፡ የልበን፡ ዝበጽሖ።

፬፡ መወዳእትኡ፡ 'ዚ፡ ኢዩ፥
መጋረጃ፡ ተመቕለ፥
ጸልማት፡ ኮነ፥ እኽራን፡ ነቕዑ።
ዐይኒ፡ ልበይ፡ ጠምት፡ ኬ።
ከም፡ ንሱ፡ ዝወረዶ፡
እኳ፡ የልበን፡ ዝበጽሖ።

፭፡ ሕልና፡ እንተ፡ እሎካ፡
ንመድሐኒኻ፡ ርኤ፥
ዘክር፡ ናይ፡ ሐጢኣትካ፡ ዋጋ፥
ንሱ፡ በጃኻ፡ሞተ።
ከምኡ፡ ዘለ፡ መፍቀሪ፡
እኳ፡ የልበን፡ ኣብ፡ ምድሪ።

( S. T. 553. )

## ፲፱፡

፩፡ የሱስ፡ ክርስቶስ፡ አርሐቕ፡
ኵሉ፥ ኹሉ፡ አበሳና፤
እብቲ፡ መስቀል፡ አብጽሖ፡
አብኡ፡ መሪር፡ ሞት፡ ሞተልና፥
ሐለፈልና፡ በጃና።
ም፡ ለዋህ፡ መድሐኒና።

፪፡ ቅዱስ፡ ቃሉ፡ ይምህር፥
ከም፡ ዚድምስስ፡ አበሳና፡
በጊዕ፡ እግዚአብሄር።
ናተይ፥ ናትካ፥ ናይ፡ ኵላትና፡
ይጸረልና፡ ሎም'፡ ከአ።
ም፡ ለዋህ፡ መድሐኒና።

፫፡ ሐጢአተኛ፡ ኺድ፡ ናብኡ፡
በደል፡ እንተ፡ ኸበደካ፥
አብቲ፡ በጊዕ፡ ደርብዮ፥
ንሱውን፡ ይሕልቐልካ፥
ብፍቶት፡ ይገብረልካ።
ም፡ ለዋህ፡ መድሐኒና።

፬፡ ዘይተዐረቕካ፡ ስማዕ፡
አስተውዕሎ፡ ነቲ፡ ቓሉ፤
ⁿአብ፡ ክንዳና፡ ይቕጻዕ፡
ስለዚ፡ ንረክብ፡ ዕርቂ።
ነመስግን፡ መመሊሽና፡
ንለዋህ፡ መድሐኒና።

፭፡ ባህ፡ ኢሉኒ፡ ኤኽብሮ፡
ኵሉ፡ አበሳይ፡ ዘርሐቐ፡፡
ፍጹም፡ ኵኑን፡ ነበርኩ፡
በቲ፡ ደሙ፡ ግን፡ ድሒነ።
ደጊም፡ ይኹን፡ መዝሙረይ፡
ንለዋህ፡ መድሐኒየይ።

( S. T. 333.)

---

መ ዝ ሙ ር ፡ ፋ ስ ጋ ።

፳፤

፩፡ ልበይ፥ ተንስእ፡ ንምኽባሩ፡
የሱስ፡ ክርስቶስ፡ ጐይታና።
ንሱ፡ ቕዱስ፡ ገንሸል፡ ክይኑ፡
ዝሞተልና፡ ኽንዳና።
ብስልጣኑ፥ ኸምቲ፡ ቓሉ፥
ካብ፡ መቓብር፡ ተንሢኡ።

፯፡ ሕጊ፡ አምላኽ፡ ፈጸመልና፡
ከድሕነና፡ ብግብሩ፥
መከራና፡ አርሐቐልና፥
ኵሉ፡ ጽድቂ፡ ፈጺሙ፡፡
ሳልኡ፡ ፍቕርን፡ ሰላምን፡
ተገልጸልና፡ ድማኢ፡፡

፰፡ ርእሲ፡ ተመን፡ ቀጥቀጠልና፥
ሐይሊ፡ ሲኦል፡ አፍረሰ፥
ሰዐረልና፡ እድሐነና፡
ስልጣናትውን፡ አድረሰ፡፡
ክንዲ፡ ፍርዲ፡ ዕርቂ፡ ኾነ፥
ጸጋን፡ ሐቅን፡ አቕረበ፡፡

፱፡ ዐብን፡ ንእሽቶን፡ ሀቡ፡ ኽብሪ፡
ስለ፡ ዐቢ፡ ምሕረት፡ አብ፥
ነመስግኖውን፡ ንወዲ፡
ስለ፡ ʼቲ፡ ግሩም፡ ህያብ፥
ቅዱስ፡ መንፈሱ፡ ንኽብሮ፡
ዚመርሐና፡ ናብ፡ ክብሩ፡፡

(S. T. 463.)

## መዝሙር፡ ዕርገት።

### ፳፩፡

፩፡ ርኤኹ፡ የሱስ፡ ዕርገትካ፡
ናብ፡ ሰማያዊ፡ ኽብሪ፡
ግን፡ አነ፡ አሎኹ፡ ገና፡
ከም፡ ጋሻ፡ አብዛ፡ ምድሪ፡
ርሑቕ፡ ኢዩ፡ ኻብ፡ ሀገረይ፡
ጓሂ፡ ድኻም፡ መናብርተይ።

፪፡ ርሑቕ፡ ካብ፡ አቦይ፡ አሎኹ፡
ክሳዕ፡ መአዝ፡ ዎ፡ ጐይታይ።
ዐይነይ፡ አይበጽሐኒ፡ ናብኡ፡
ይስማዕ፡ ግን፡ ጸሎተይ፡
ብሽሙ፡ እንተ፡ ለመንኩ፡
ክቐርብ፡ እኽእል፡ ናብኡ።

፫፡ ሽዑ፡ እርኢ፡ ብእምነተይ፡
ነታ፡ ብጽእቲ፡ ሀገር፡
ዘይትርሕቀሉውን፡ ካባይ።
ምስ፡ አምለጥኩ፡ ኻብ፡ ሽጋር፡
እረኽብ፡ ሕብረት፡ ምስ፡ ጻድቃን፡
አብቲ፡ አባይቲ፡ ብጹአን።

፬፡ አብኡ፡ አይርከብኒ፡ ጸልማት፡
ከአ፡ ሕማምኒ፣ ሞትኒ፣
አብኡ፡ አይስማዕኒ፡ ብኽያት፣
ናብኡ፡ ልበይ፡ ይደሊ።
አብ፡ ላዕሊ፣ ምስ፡ መድሐኒየይ፡
ክነብር፡ ኢዩ፡ ድሌተይ።

፭፡ ትምለስ፡ ከም፡ ዝደየብካ፣
ዎ፣ የሱስ፣ ናብዛ፡ ምድሪ።
ንምፍጻም፡ ትእዛዛትካ፡
እተግህውን፡ እጽሊ።
እቲ፣ ግዜ፡ አይፈልጠኒ፡
እጽበየካ፣ እምብሪ።

፮፡ እቲ፡ ጊላ፡ ብጹእ፡ ኢዩ፡
ዚተግህ፡ ወርትግ፡ ከምዚ፣
እሙን፡ ተስፋ፡ ሀብካ፡ ንኡ።
ከቶእትዎ፡ አብ፡ ላዕሊ፣
አብ፡ ሰማያዊ፡ ሀገርካ፡
እትነግሰሉ፡ ንስኻ።

(S. T. 467.)

## መዝሙር፡ጰንጠቆስቴ።

### ፳፱፡

፩፡ መንፈስ፡ ቅዱስ፡
ብርሀን፡ ’ትሀብ፡
ብርሀንካ፡ አብርሀ፡
አብቲ፡ ጸልማት፡ ነፍሰይ።

፪፡ መንፈስ፡ ቅዱስ፡
ሐቂ፡ ’ትሀብ፥
ንህይወት፡ ዘለአለም።
ኩን፡ ምሀርየይ፡

፫፡ መንፈስ ቅዱስ፡
ሐይሊ፡ ’ትሀብ፡
አብ፡ ሐጢአት፡ ከይወድቕ፡
ኩን፡ ሐጋዝየይ።

፬፡ መንፈስ፡ ቅዱስ፡
ፍቕሪ፡ ’ትሀብ፡
ናብ፡ አበይ፥ ናብ፡ ላዕሊ፡
ኩን፡ መራሕየይ። አሜን።

(Sacr. S. & S. 542.)

## ፳፫፡

፩፡ ንዐ፡ መንፈስ፡ ቅዱስ፡ ናብ፡ ልበይ፡
ኣብርሀ፤ ኣሙቕውን፡ ንነፍሰይ፡
ብእኻ፡ ክመላለስ።
ሀበኒ፡ ህይወት፡ ምስ፡ ብርሀን፡
ምርሐኒ፡ ድማ፡ ኵሉ፡ እዋን፡
ነፍሰይ፤ ስጋይ፡ ክቕደስ።

፪፡ ምርሐኒ፡ ወርትግ፡ ብቕኑዕ፡
ሀበኒ፡ ድማ፡ ፍልጠት፡ ብሩህ፡
ፍቓድካ፡ ክመሀሮ፡
ካብ፡ ኣበሳይ፡ ተፈቲሔ፡
ንእኻውን፡ ተኸቲለ፡
ክፋእ፡ ካባይ፡ ክፈልዮ።

፫፡ ርድኣኒ፤ ጐይታይ፡ ብለውሃት
ብልበይ፡ ኵሉ፤ ዘበናት፡
በቲ፡ ዘድሕን፡ ክጸንዕ።
ሀበኒ፡ ለጊሽካ፡ ፍቕሪ፡
ዚፈላልየኒ፡ ኻብ፡ ጐርሒ፡
ብሐይልኻ፡ ክብርትዕ።

፬፡ ይፍለጠኒ፡ ሕመቐይ፡
አይፈልጠን፡ ኢዬ፡ ጸሎተይ፡
ንጥቕሚ፡ ዚኾነኒ፡
መንፈስ፡ ቅዱስ፡ ምሀር፡ ንአይ፡
"ኣብ፡ ኣቦይ፡" ኢለ፡ ምጽላይ፡
ከም፡ ዝኽእል፡ ርድአኒ።

፭፡ ንጽቡቕ፡ ኵሉ፡ ዎ፡ ጐይታ፡
ሐግዝ፡ ኣፍሪ፡ ብሓይልኻ።
ርድኣኒውን፡ ከዐቢ፡
ብፍልጠትካን፡ ብጸጋኻን፡
ክነብር፡ ድማ፡ ኹሉ፡ እዋን፡
ጥራይ፡ ብናትካ፡ ምኽሪ።

፮፡ ዎ፡ መንፈስ፡ ቅዱስ፡ ኩን፡ ምሳይ፡
ኣብ፡ ኵሉ፡ ሽጋር፡ ንብረተይ።
ምኻደይ፡ ምስ፡ በጽሐኒ፡
ነፍሰይ፡ ርዳእ፡ ብፍቕርኻ፡
ናይ፡ ሞት፡ ርባ፡ ኣሳጊርካ፡
ሰማይካ፡ ኣብጽሐኒ።

(S. T. 476.)

## መዝሙር፡ ጸሎት።

### ፳፬፡

፩፡ ጐይታ፡ ሕጂ፡ አክበና፡
ቅዱስ፡ ቃልካ፡ ንምስማዕ።
አኽዛኻ፡ አውርደልና፡
አብቲ፡ ልብና፡ ጽሙእ።
መንፈስ፡ ቅዱስ፡ ስደደልና፥
ሐዊ፡ ፍቕሪ፡ አንድደልና፥
ንንጠሚ፡ አጽግበና፡
አብ፡ ምሉእ፡ ምአድኻ።

፪፡ ሐግዘና፡ ንምግባሩ፡
ዝሀብካና፡ ኹሉ፡ ቓል።
አብቲ፡ ብሩህ፡ ብርሀን፡ ክንአቱ፡
ኪክአለና፡ ምስትውዓል።
ልብናውን፡ አህድአልና፥
ዘይምእማን፡ ከየስሕተና።
አምላኽና፡ አጠንቅቐና፡
በዚ፡ ሐጺር፡ ዘበንና።

፫፡ በዚ፡ ዘበን፡ 'ዚ፡ ኽንሕሎ፡
ክትመኽረና፡ ኽሎኻ፡

ዘበን፡ ጸጋ፡ ሐላፊ፡ ’ዩ፡
ንስእንውን፡ ምዕዶኻ።
ደጊም፡ ንምስማዕ፡ ርድኣና፡
ነቲ፡ ቓል፡ ዘድሕን፡ ንኣና።
እዝኒ፡ ልቢ፡ ኽፈቶልና፡
ጸሎትና፡ ስማዕ፡ ከአ።
(S. T. 102.)

---

፳፫፤

፩፡ ምጻእ፥ ለዋህ፡ መሐሪና፣
ከም፡ ጓሳ፡ ናብ፡ አባጊዕ።
ምርሐና፡ አበስቲ፡ ኢና፣
ናብቲ፡ አቑሳልካ፡ ውጋእ፥
ናብ፡ ጽዮንኒ፡ ናብ፡ ሳሮንኒ፥
አብኡ፡ ኢዩ፡ ሕውነትኒ፡
ናይ፡ እሙናትካ፡ ጣዕምን።

፪፡ ዎ፡ ማእለይ፡ ዜብሉ፡ ፍቕሪ፥
ካባኻ፡ አፍስሰልና፥
ብሐይሊ፡ ደምካውን፡ አጽሪ፡
ንዘይእሙን፡ ሐሳብና።
ንዐለም፡ ጸጋዊ፡ ጽሐይ፡

ደረኽ፥ ቈራሪ፡ ልብና፡
ንወርትግ፡ አሙቐልና።

(S. T. 4. 441.)

---

## ፳፯፤

፩፡ ዎ፡ የሱስ፡ አይትጕሰየኒ፥
ጸሎተይ፡ ስማዕ።
ካልአት፡ ጸጋኻ፡ ኺረኽቡ፡
ሀብ፡ ንአይ፡ ከአ።
የሱስ፡ ክርስቶስ፥
ጸሎተይ፡ ስማዕ።
ካልአት፡ ጸጋኻ፡ ኺረኽቡ፡
ሀብ፡ ንአይ፡ ከአ።

፪፡ አብ፡ ዝፋንካ፥ አቕርበኒ፥
ሀብ፡ ሰላም፡ ንአይ።
ሐዘን፡ ሐጢአት፡ ከበደኒ፡
አድሕን፥ ዎ፡ ጐይታይ።
የሱስ፡

፫፡ ብምጽዓርካ፡ አቕረብካኒ፡
ጸጋ፡ ንምርካብ፥
እተደቐሰ፡ ልበይ፡ ጸግን፥

ይቕረታ'ኻ፡ ሀብ።
የሱስ፡

፬፡ ዘሎኒ፡ ታሕጓስ፡ ብአ'ኻ፡
ካብ፡ ህይወት፡ ሕሩይ፤
አብ፡ ሰማይ፡ ኮነ፡ አብ፡ ምድሪ፡
ካልእ፡ ኔብለይ፤
ዩሱስ፡ ክርስቶስ፡
ጸሎተይ፡ ስማዕ።
ካልአት፡ ጸጋ'ኻ፡ ኺረኽቡ፡
ሀብ፡ ንአይ፡ ከአ።
(S. T. 623.)

---

## ፳፯፡

፩፡ ንአ'ኻ፡ አምላ'ኽይ፡ እደሊ፡ አሎ'ኹ፤
ሰላምካን፡ ፍቕር'ኻን፡
ህይወት፡ ንአይ፡ ኢዩ።
መድሐኒየይ፡ እደሊ፤
ኵሉ፡ ሳዕ፡ እደሊ፤
ዎ፡ ጐይታይ፡ አድሕነኒ፤
እመጽእ፡ አሎ'ኹ።

፪፡ ንአ'ኻ፡ ደሌ'ኹ፤ 'ኻብ፡ ዘሎ'ኻ፡ ምሳይ፡
ፈታኒ፡ አዚዩ፡

ሸዑ፡ ይርሕቅ፡ ካባዩ።
መድሐኒየይ፡ እደሊ፡
ኩሉ፡ ሳዕ፡ እደሊ፤
ብሐይልኻ፡ ርድአኒ፤
እመጽእ፡ አሉኹ።

፫፡ ንአኻ፡ ደሌኹ፡ ብደስታን፡ ጸበባን፤
ከይጠፍእ፡ ህይወተይ፡
ምሳይ፡ ኩን፡ ኩሉ፡ እዋን።
መድሐኒየይ፡ እደሊ፤
ኩሉ፡ ሳዕ፡ እደሊ፤
ምንፈስ፡ ቅዱስ፡ ሀበኒ፤
እመጽእ፡ አሎኹ።

፬፡ ንአኻ፡ ደሌኹ፡ ፍቓድካ፡ ኽመሀር፤
ከም፡ ኩሉ፡ ተስፋኻ፤
ከአ፡ ምሳይ፡ ግበር።
መድሐኒየይ፡ እደሊ፤
ኩሉ፡ ሳዕ፡ እደሊ፤
መገድኻ፡ ምርሐኒ፤
እመጽእ፡ አሎኹ።

፭፡ ንአኻ፡ ደሌኹ፤ አምላኽ፡ ምሳይ፡ ንበር፤
ስጋይኒ፡ ነፍሰይኒ፡

ናትካ፡ ጥራይ፡ ግበር።
መድሐኒየይ፡ እደሊ፤
ኵሉ፡ ሳዕ፡ እደሊ፤
ብጸጋ፡ ባርኸኒ፤
እመጽእ፡ አሎኹ።

(S. T. 688.)

---

፳፫፡

፩፡ መድሐኒየይ፡ ምሳይ፡ ንበር፤
ንልበይ፡ ሕግኻ፡ ንገር።
ኪወግሕኒ፡ ኺመስን፡ ክሎ፤
መድሐንየይ፡ ምሳይ፡ ንበር።

፪፡ አጸቢቕካ፡ ሐሉ፡ ንአይ፡
ምርሐኒ፤ ጐይታይ፤ ናብ፡ ሰማይ፡
ብሐጎስ፡ ኮነ፡ ወይ፡ ብሽጋር፡
አጸቢቕካ፡ ሐሉ፡ ንአይ።

( S. T. 203. )

---

፳፬፡

፩፡ ፍቕሪ፡ ኻብ፡ ላዕሊ፤ የሱስ፡ ሀበና፤
ክንክተለካ፡ አስተምህረና፡

ቃልካ፡ ኽንዝርግሕ፡ ኣብ፡ ዐለም፡ ኲላ።
ኣግፍሕ፡ ስልጣንካ።

፫፡ ቅዱስ፡ ኣጽዋር፡ ሒዝና፡ ኽንጋደል፥
ዕጉሳት፡ ኴንና፡ ሽጋር፡ ይንቅበል፥
ዐወት፥ ዕረፍቲ፡ ድማ፡ ኽንዕደል፥
የሱስ፡ ርድኣና።

( S. T. 201.)

---

፴፡

፩፡ ጽውዓኻ፡ ሰሚዔ፡ ናባኻ፥ ዎ፡ ጐይታይ፥
ክሕጸብ፡ ኣብ፡ ክቡር፡ ደምካ፡
እተኈዮ፡ ንኣይ።
ሐጂ፡ መጺኤ፥ ጐይታይ፡ ናባኻ፥
ኣጽርየኒ፡ ብቲ፡ ደም፡
ኣብ፡ መስቀል፡ ዘፍሰስካ።

፪፡ ድኹም፡ መጻእኩኻ፥
ዎ፡ ሐይሊ፡ ድኹማት፥
ርድኣኒ፡ ኣጽርየኒውን፡
ካብ፡ ናይ፡ ሐጢኣት፡ ርስሐት።
ሕጂ፡ መጺኤ፥

፫፡ ጻዋዕየይ፡ የሱስ፡ ’ዩ፡
ኪፍጽም፡ እምነተይ፥
ብፍቕሪ፡ ልበይ፡ ኪመልእ፡
እብ፡ ምድሪ፥ እብ፡ ሰማይ።
ሕጂ፡ መጺኤ፥

፬፡ ዚፍጽም፡ የሱስ፡ ’ዩ፡
ጽቡቕ፡ ግብሩ፡ ብአይ፡
መመሊሹ፡ ጺጋ፡ ዚህብ፡
ከጥፍእ፡ እበሳይ።
ሕጂ፡ መጺኤ፥

፭፡ እዚ፡ ምስክሩ፡
ንኹሉም፡ እመንቲ፧
ዝሀቦም፡ ተስፋ፡ ሐዴ፡ ቓል፡
ካብኡ፡ አይጐድልኒ።
ሕጂ፡ መጺኤ፥

፮፡ እልል፡ ንዘድሕን፡ ደም፡
እልል፡ ንጸግኡ፥
እልል፡ ንኹሉ፡ በረኸት፡
እንረኽበ፡ ካብኡ።
ሕጂ፡ መጺኤ፥

( Sacr. S. &, S. 10. )

፴፩፡

፩፡ ኢደይ፡ ሒጋርካ፡ ምርሐኒ፥
መድሐኒየይ፥
ጎንበኻ፡ ኽኸይድ፡
ክሳዕ፡ ሰማይ።
በይነይ፡ ክኸይድ፡ ከቶ፡
አይፈቱኒ፤
ጥራይ፡ ምሳኻ፡ አምላኸይ፥
እምበሪ።

፪፡ ብጸጋኻ፡ ንልበይ፡
አጠንቅቆ፥
ብሸጋርኒ፡ ብደስታን፡
ከተዕርፎ፤
አብ፡ ትሕቲ፡ ብሩኽ፡ አእጋርካ፡
ተሐጒሸ፡
ካባኻ፡ ቃል፡ ክሰምዕ፡
መመልሸ።

፫፡ መገደይ፡ ዝኸደሉ፡
አይፈልጥኒ፤
አዒንትኻ፡ ግን፡ ሐቂ፡
ይምህረኒ።

ኢደይ፡ ሒጋርካ፡ ምርሐኒ፥
መድሐኒየይ፥
ጎኀቦኻ፡ ኽኸይድ፡
ክሳዕ፡ ሰማይ።
(S. T. 325, Uppât 199.)

---

## ፴፬፤

( መዝሙር፡ ደዊት፡ ፵፪። )

ከም፡ እራብ፡ 'ትጋደል፡
ናብ፡ ዝሐል፡ ዔላ፡
ከምኡ፡ ነፍሰይ፡ ናባኻ፥
ዎ፡ ጎይታይ።
ነፍሰይ፡ ጸምኤት፡ ናብ፡ አምላኽ፥
ናብቲ፡ ህያው፡ እግዚአብሄር።
መአዝ፡ ክመጽእ፡
አብ፡ ቅድሚ፡ ገጽ፡
እግዚአብሄር፡ ደው፡ ክብል፥
አብ፡ ቅድሚ፡ ገጽ፡ አምላኽ።
ከም፡ እራብ፡ 'ትጋደል፡
ናብ፡ ዝሐል፡ ዔላ፥
ከምኡ፡ ነፍሰይ፡ ናባኻ፥
ዎ፡ ጐይታይ።
( Bih. till S. T. 29. )

## ፴፫፡

፩፡ ለዋሀ፡ አምላኽ፥
ብርሀንካ፡ አብርሀለይ፡
መታን፡ ብኡ፡
ጸልማተይ፡ ኪጠፍአለይ።
ብሐይልኻ፥
ጐይታይ፥ አበርትዐኒ፥
ኣብ፡ ቅድሜኻ፥
የሱስ፥ ሞገስ፡ ሀበኒ።

፪፡ ኮኾብ፡ ጽባሕ፥
ብርሀን፡ ንኹሉ፡ ምድሪ፥
ተገለጽካ፡
ክትመርሕ፡ ነቶም፡ ህዝቢ፥
ዚግስግሱ፡
ናብ፡ ሰማያዊ፡ ቤትካ፥
ርኤኹኻ፡
ብሐጎስ፡ እስዕበካ።

፫፡ ዐራቕየይ፥
ስለይኒ፡ ስለ፡ ኹሉ፡
ተቐበልካ፡

ጽዋእ፡ ስቓይ፡ ብዘሎ።
ሐግዝ፡ ንአይ፡
ብፍቕርኻ፡ ኽጸንዕ፡
አብ፡ አበሳ፡
ከይወድቕውን፡ ክብርትዕ።

(S. T. 483.)

---

## መዝሙር፡ ምዕዳምኒ፡ ምንቃሕኒ።

### ፴፬፡

፩፡ "ንዑ፡ ድኹማት፡ ኵላትኩም፡
አሎ፡ ዕረፍት፡ ናባይ፡"
ከምዚ፡ ይብለና፡ የሱስ፡
ክንደይ፡ ብሩኽ፡ ድሀይ።
የበሸረና፡ ይቕሬታ፡
ጸጋ፡ ሰላም፡ ክአ፡
ከምኡውን፡ ደስታን፡ ፍቕርን፡
ከቶ፡ ዘይውዳእ።

፪፡ "ንዑ፡ ኹልኹም፡ ሐለፍቲ፡
አሎ፡ ብርሀን፡ አባይ፡
ጸልማትኩም፡ ከብርሀልኩም፡"
ክንደይ፡ ብሩኽ፡ ድሀይ።

ለቊቕና፡ ኻብ፡ መገድና፡
ነበርና፡ ጥፉኣት፡
ንሱ፡ ግን፡ አርከበና፡
አጥፊኡ፡ ጸልማት።

፫፡ "ንዐ፡ እተሐለለኩም፥
አሎ፡ ህይወት፡ አባይ፥
አነ፡ ኸበርትዐኩም፥"
ክንደይ፡ ብሩኽ፡ ድሀይ።
ሐያል፡ ኢዩ፡ ጸላኢና፡
ውግእናውን፡ ጽኑዕ፥
ግን፣ የሱስ፡ ዘድሕነና፡
አሎና፡ ብርቱዕ።

፬፡ "ኵሉ፡ ናባይ፡ ዚመጽእ፡
አየርሕቖን፡ ካባይ።"
ከምዚ፡ ይብልና፡ የሱስ፥
ክንደይ፡ ብሩኽ፡ ድሀይ።
አይግብኦናን፡ ነበረ፥
ግን፡ ስለ፡ ፍቕርኻ፡
ዕዱማት፡ ገበርካና፥
ጐይታ፡ ናባኻ።

(S. T. 711.)

፵፫፤

፩፡ ከመይ፡ ከምዚ፡ ይጥርጥሩ፡
ይገዩሲ፡ እዘም፡ ሰባት፥
ግሩም፡ ዝኾኑ፡ አኼባ፡
ዚእከቡ፡ ዕለት፡ ዕለት።
ስማዕ፡ ይነግሩኻ፡ ኺብሉ፤
"የሱስ፡ ናዝራዊ፡ መጺኡ።"

፪፡ እዚ፡ የሱስ፡ 'ዚ፡ መን፡ ኢዩ፡
ክንድዚ፡ ሰብ፡ ዚኽተሎ፥
ሐዴ፡ ሐላፍ፡ መገዲ፡ ዶ፡
ብሐቂ፡ ኸም ዚ፡ ይቐንዮ፥
ስማዕ፡ ይነግሩኻ፡ ኺብሉ፤
"የሱስ፡ ናዝራዊ፡ መጺኡ።"

፫፡ የሱስ፡ አብዚ፡ ዝነበረ፡
አብ፡ ማእከል፡ ሐጥእን፡ ሽጉራት፥
አብ፡ ኵሉ፡ ዝበጽሐ፡ መኻን፡
ህይወት፡ ዝሀበ፡ ንምውታት።
ዕውር፡ ባህ፡ የሎ፡ ሰሚዑ፤
"የሱስ፡ ናዝራዊ፡ መጺኡ።"

፬፡ ናብና፡ ድማ፡ መጺኡ፡
ይስማዕ፡ ኣሎ፡ ወሪኡ፥
ደጊም፡ ግዴኹም፡ በጺሑ፡
ምእታው፡ ናብ፡ ልብኹም፡ ደልዩ።
እልል፥ እልል፡ ኬ፡ ዘይትብሉ፤
የሱስ፡ ናዝራዊ፡ መጺኡ።

፭፡ ዝኸበደካ፥ ንዐ፡ ናብዚ፡
ክትቅበል፡ ይቕሬታ፥ ሰላም።
ኣብ፡ ዐዲ፡ ሐጢኣት፡ ዘሎኻ፡
ካብ፡ ኣብ፡ ዝሐከልካ፡ ጠላም።
ምጻእ፡ ክትወስድ፡ ጸግኡ፤
የሱስ፡ ናዝራዊ፡ መጺኡ።

፮፡ ምዕዳሙን፡ ፍቕሩን፡ ከኣ፡
ካባኻ፡ እንተ፡ ኣርሐቕካ፡
ብኣኻ፡ ሐዚኑ፡ ይርሕቕ፡
ከንቱ፡ ትኸውን፡ ጸሎትካ፡
ጥፋኣት፡ ንኣኻ፡ ተሪፉ፤
የሱስ፡ ናዝራዊ፡ ሐሊፉ።

( Sacr. S. & S. 20. )

## ፴፯፡

፩፡ አበይ፡ ሰራሕካ፡ ቤት፡
ዘለአለም፡ ʼትነብረሉ፡
አብ፡ ጠላም፡ ሐጢአት፡ ሑጻ፡ ዶ፡
ውሕጅ፥ ሽሾ፡ ዚደፍኦ።
ስራሕ፡ አብቲ፡ ኸውሒ፥
አብቲ፡ ጽኑዕ፡ መሰረት፥
አብ፡ ክርስቶስ፡ ንሱ፡ ʼዩ፡ ጸግዒ፥
እምባና፡ ንድሕንነት።

፪፡ ጸፍዒ፡ ምስ፡ ሀረሞ፡
እንታይ፡ ድኣ፡ ትመኽሮ፥
ከዳዕ፡ ሑጻ፡ ምስ፡ ጠለመ፡
አብኡ፡ ዝመስረትካሉ።
ስራሕ፡

፫፡ ክሳዕ፡ ሐያል፡ ውሕጅ፡
ዚመጽእ፡ አይትጸበ።
ሽው፡ ተስፋ፡ ቍረጽ፡ ቤትካ፡
ንሕልፈቱ፡ ይድርበ።
ስራሕ፡

( Sacr, S. & S. 582. )

## ፴፯፡

፩፡ ሰማያዊ፡ ሀገር፡ ዚኣቱ፡ የልቦን፡
ወርትግ፡ ብሐይሊ፡ ዘይጋደል።
ነፍሲ፡ ኻብ፡ ጥፍኣት፡ ምእንቲ፡ ኪድሕን፡
ብርቱዕ፡ ምውጋእ፤ ይዋጋእ።
ጸጋ፡ እምላኽና፡ ንእኻ፡ ኢዩሞ፤
ጸቢብ፡ ግን፡ ኢዩ፡ መገዱን፡ ደጊሉን።
ስለዚ፡ የድሊ፡ ንቕድሚት፡ ምድፋእ፤
እንተ፡ ዘይኮነስ፡ ትጠፍእ።

፪፡ ከልካሊ፡ ብዙሕ፡ አሎ፤ ነፍሲ፡ ድሎ፤
ሰይጣን፡ ጥፍኣትካ፡ ይትምነ።
ነቲ፡ ዚኽልአካ፡ ብሐይሊ፡ በሎ፤
ዒያጋት፡ ዐለም፡ ግደፎም።
ቃሎም፡ አይትስማዕ፡
ናብኦም፡ ዚሐብሉኻ፤
እንተ፡ ዐሾኻ፡ ትጠፍእ፡ ኢኻሞ።
ምእንትዚ፡ እልምን፡ እመክር፡ ከአ፤
ስለ እኽሊልካ፡ ኽትዋጋእ።

፫፡ ሰማያዊ፡ ኽብሪ፡ ዘይሐልፍ፡ ኢዩ፡
ሀረርታኻውን፡ የጽግብ።
እተጣዕሰ፡ የልቦን፡ ዝበጽሔ፡ ናብኡ፤

ሐጎሱ፣ ነባሪ፡ ፡ዩሞ፥
ስለዚ፡ ንቓሕ፣ ተጠንቂቕካ፡ ንበር፥
ደሊኻ፡ ጽናሕ፡ ነቲ፡ ዕለት፡ ምጽኣት።
ኣብቲ፡ ኸተማ፡ ኻብ፡ ዚኣትዉ፡ ኹሎም፥
ልብሲ፡ መርዐ፡ ፡ዩ፡ ዚድለ።

፬፡ ኣብቲ፡ ርስትኻ፡ ኣይትኣቱን፡ ኢኻ፡
ምስ፡ የሱስ፡ እንተ፡ ዘይከድካ።
ንሱ፡ በይኑ፡ ኢዩሞ፡ ሐላዊኻ፥
ቅዱስ መጽሐፍ፡ ይነግረካ።
እንተ፡ ኣምለጥካ፡ እኳ፡ ብኡ፡ ኢኻ።
ስለዚ፡ ስማዕ፣ ካብ፡ ውድቀትካ፡ ተንስእ፥
ቃል፡ መድሐኒኻ፡ ብምሉእ፡ ልቢ፡ ሐዝ፥
ንሱ፡ ፡ዩ፡ በይኑ፡ መገዲ።

፭፡ ኣምላኽና፡ ይኣውጅ፡ ክተቱ፡ ኺብል፥
ዕዱም፡ መታን፡ ኪኣትውዋ።
ጐይታ፡ ኸዐውተካ፡ ይፈቱ፣ ይኽእል፥
ደጊም፡ ተጊህካ፡ ድለያ።
ሰማያዊ፡ ኢድ፡ ይቕበል፡ ነፍስኻ፥
የሱስ፡ ደጌኻ፡ ይሀርም፡ ንምእታው፥
ይጽውዐካ፡ ኣሎ፡ ቕዱስ፡ መንፈሱ፥
እንተ፡ ሰማዕካ፡ ትባረኽ።

(S. T. 121.)

## ፴፰

፩፡ ሞ፡ ፈታው፡ የሱስ፡
አምላኽካ፡ ኽትርእዮ፡
ዘውድውን፡ ምርካብ፡
እንተ፡ ደሌኻዮ፡
እምብአር፡ ጽዐር፡
አብዛ፡ እዋን፡ ሐጻር።

፪፡ አብ፡ ርባ፡ ብኽያት፡
ነባሪ፡ ነይኮንካ።
አይትድለ፡ ምዕራፍ፡
ባዕሊ፡ ኽይበጻሕካ፡
አብዚ፡ ጻዕሪ፡ ’ዩ፡
ግን፡ ሰላም፡ አብኡ።

፫፡ ትኽ፡ ኢልካ፡ ጉየ፡
ድሕሪት፡ አይትመለስ።
ሀለም፡ አይትድለ፡
ፈጺምካ፡ ተቐደስ፡
ሐስብ፡ ተድልኡ፡
ዕንቅፋት፡ ኢዩ።

፬፡ ዐለም፡ ገመዱ፡
መሊሹ፡ ይድርቢ፥
ስለዚ፡ ናብኡ፡
ከይትሕንኰል፡ ጸሊ።
የሱስካ፡ ስማዕ፡
ብፍቕሩ፡ ጽናዕ።

፭፡ ምእንትዚ፡ ግጠም፥
ኣብ፡ ሰማይ፡ ኣንቃዕርር፥
ከቶ፡ ኣይትድከም።
ርስትኻ፡ በል፡ ሀረር።
ዐስቢ፡ ኣሎካ፡
ዘውዲ፡ ኽብርኻ።

፮፡ ም፡ የሱስ፡ ለዋህ፡
ኰላትና፡ ርድኣና፡
ከይንስሕት፡ ከኣ፡
ሐገዝካ፡ ሀበና።
ሐይልና፡ ኢኻ፡
ሐበን፡ ህዝብኻ።

(S. T. 740.)

፴፱፡

፩፡ ጭፍራ፡ ጸልማት፡ ይጸናተው፡
ወርትግ፡ አብ፡ መገድኻ፡
አብ፡ ጥፍኣት፡ ኪድርብዩኻ፡
ሐሲቦም፡ ይሐብሉኻ፤
ከም፡ ፈተውትኻ፡ ይመስሉ፡
ጽልኢ፡ ድማ፡ የልዕሉ፡
ብኽፉእ፡ ሐሳብ፡ ይፍትኑ፡
ህይወትካውን፡ የምርሩ።

፪፡ ሐይሎም፡ ዐቢ፡ 'ዩ፡ ብሐቂ፡
ተንከሎም፡ ከአ፡ ኽፉእ፤
በይንኻ፡ እንተ፡ ጸዐርካ፡
ከቶ፡ አይክእልን፡ 'ዩ።
ስልጣን፡ ሰብ፡ ድኹም፡ ኢዩሞ፡
ምስታቶም፡ ዘይኽእል፤
ጸጋ፡ ክርስቶስኒ፡ ስልጣኑን፡
ንምስዓሮም፡ ይኽእል።

፫፡ ብጸሎት፡ ቅረብ፡ ናብ፡ ጐይታ፤
ንሱ፡ ጸልማት፡ ዘርሐቐ።
በይኑ፡ ኢዩ፡ ርእሲ፡ ተመን፡
ንምጭፍላቕ፡ ዝበቕዔ።

ቅዱስ፡ መንፈሱ፡ ንልቢ፡
ሐይሊ፡ ስዕረት፡ ይህቦ።
ኪድ፡ ናብ፡ የሱስ፡ ምስ፡ 'ትፍተን፡
ንጸላኢ፡ ዘድቅቕ።

( S. T. 242.)

---

፵፯፤

፩፡ ዘክሮ፡ ንዳንኤል፡ ካብ፡ ምርኮ፡
ንምምላስ፡ ክንደይ፡ ዝናፈቖ፡
ገጹ፡ አቕኒዑ፡ ናብ፡ ቅዱስ፡ ሀገር፡
በብእዋኑ፡ ለመነ።
ገጽካ፡ መሊሽካ፡ ዶ፡ ናብ፡ የሩሳሌም፡
ጋሻ፡ ኼንካ፡ አብዚ፡ ዐለም፡ ከሎኻ፡
ንጉስካ፡ ኽትርኢ፡ ተዳሊኻ፡ ዲኻ፤
ምምጽኡ፡ አይተርፍን።

፪፡ አይትፍራህ፡ ካብቲ፡ ጕድጓድ፡ አናብስ፡
ወይ፡ ከአ፡ ዝረሰነ፡ እቶን።
አምላኽ፡ ዳንኤል፡ ኢዩ፡ ዘድሕነካ፡
ይረድአካ፡ ብመልአኽ።
ገጽካ፡ መሊሽካ፡ ዶ፡

፫፡ ጅግና፡ ኹን፡ ከ፡ አታ፡ ወዲ፡ አምላኽ፡
ብምድሓንካ፡ አኽብር፡ ጸባኦት።

ገጽካ፡ አቕንዕ፡ ናብቲ፡ አኽራን፡ ጽዮን፡
ንጉስካ፡ ተጸበየ።
  ገጽካ፡ መሊሽካ፡ ዶ፡

( Sacr, S. & S. 167. )

---

## ፵፩፡

፩፡ ምስ፡ አምላኽናን፡ ቃሉን፡
ምስ፡ ቅዱስ፡ ቁርባን፡
ምስ፡ መንፈሱን፡ ፍቕሩን፡
ምስ፡ ሕብረት፡ አሕዋት፡
ብኹሉ፡ ዚመጽእ፡ ፍርሀት፡ የብልናን።
  እቲ፡ እሙን፡ ጓሳ፡
አሎሞ፡ ምሳና፡
ብዐቢ፡ ለውሃት።

፪፡ ከም፡ ቀዳሞት፡ እስራኤል፡
ሎሚ፡ ኸአ፡
ይጕዐዙ፡ ናብ፡ ከንአን፡
እቶም፡ እሙናት።
ብሐይሊ፡ ይዐግቶም፡
ክልካሊ፡ ኸአ፡
  ግን፡ አምላኽ፡ ይመርሖም፡

ብርግጽ፡ ይመርሖም፡
መገዲ፡ ኽብረት።

፫፡ ሰብ፡ ዐለም፡ ንኽንቱ፡
ይፈትዉ፡ ጥራይ፡
ሐጢኣትኒ፡ ርኽሰትኒ፡
ኢዩ፡ ተድልኦም፤
ግን፡ ኦን፡ እፈቱ፡
ምኻድ፡ ናብ፡ ሰማይ፡
ምስ፡ ፡ቶም፡ ጭፍራ፡ ክርስቶስ፡
ዚኸዱ፡ ምስ፡ ክርስቶስ፡
አምላኽ፡ ዘድሕኖም።

፬፡ ብመስቀልኒ፡ ጸርፍን፡
እዕገስ፡ ኢዩ፡
እኳ፡ እንተ፡ ፈለዩኒ፡
አዝማደይ።
ንጀጋኑ፡ ጐያታ፡
ክስዕቦም፡ ሐርዩ፡
ዚጽዕሩ፡ ንኽብሪ፡
ንዘይልወጥ፡ ክብሪ፡
ናብ፡ ገጽ፡ አምላኽይ።

፫፡ ናይ፡ ደበና፡ ዐንዲ፡
መራሒና፡ 'ዩ፡
ንረዊ፡ ኸአ፡ ኻብ፡
ወሐዚ፡ ኸውሒ፤
እዚ፡ ፍቕሪ፡ ክርስቶስኒ፡
ደሙን፡ ኢዩ።
ብኡ፡ 'ዩ፡ ምዕራፍና፥
ብኡ፡ 'ዩ፡ ትብዓትና፡
ምስዓር፡ ድማኢ።

፬፡ ዎ፡ የሱስ፥ ምሳና፡ ንበር፡
ኩሉ፡ እዋን፥
ተኸናኸነና፥
ጹረና፡ ኸአ።
እሙን፡ ብምኧንካ፡
ንብጻሒ፡ ብደሐን።
አሜን፥ ስግደት፥ ክብሪ፥
ይኹን፡ ሰግደት፥ ክብሪ፡
ንልዑል፡ አምላኽና።

(S. T. 101.)

፵፪፡

፩፡ ጽሩይ፡ ዒላ፡ ኻብ፡ ዘድሕን፡ ደም፡
ኣብ፡ መስቀል፡ ፈልፈለ፡
ኣብኡ፡ ’ተሐጽበ፡ ዘበለ፡
ንጽሕና፡ ረኸበ።

፪፡ እቲ፡ ኸታሪውን፡ ኣብኡ፡
ብሐጎስ፡ ጸረዮ፡
ካብ፡ ኵሉ፡ ኣበሳይ፡ ከምኡ፡
ምንጻሕ፡ እረክብ፡ ’ዩ።

፫፡ እቲ፡ ዒላ፡ ብሃይማኖት፡
ምርኣይ፡ ምስ፡ ጀመርኩ፡
እገዝምረሉ፡ ብፍቶት፡
ንየሱስ፡ ንፍቕሩ።

፬፡ ብሐድሽ፡ መዝሙር፡ ኣብ፡ ሰማይ፡
ምስ፡ ኵሎም፡ ብጹኣን፡
ኤመስግን፡ ንኣማንየይ፡
ስለ፡ ግሩም፡ ምድሓን።

( Sacr. S & S. 45. )

## ፵፫፡

፩፡ ጓሳ፡ ሚእቲ፡ አባጊዕ፡ ነበረ፡
ዚሓልየለን፡ ብድሐን፡
ካብኡ፡ ግን፡ ሐንቲ፡ ተባረረት፡
ነዊሕ፡ ኣብ፡ ርሑቕ፡ ኣኽራን፡
ኣብ፡ ምድሪ፡ አጻምእ፡ንጥፍኣት፡
ርሒቓ፡ ኻብ፡ ጓስኣ፡ ለውሃት።

፪፡ "ተስዐን፡ ትሽዐተን፡ አለዋኻ፡
አይምአኽላኻን፡ ዶ፡" 
ምላሽ፡ ግን፡ ሀበ፡ እሙን፡ ጓሳ፡
"ተባረረት፡ ከ፡ እሞ።
መገዲ፡ እኳ፡ እንተ፡ በርትዔ፡
ዝጠፍኤ፡ ኻባይ፡ ክደሊ፡ 'ዩ።"

፫፡ ክንደይ፡ ብርቱዕ፡ ውሕጅ፡ ተሳገረ፥
ክንደይ፡ ጸልማት፡ ዐገቶ፡
ንታ፡ ጥፍእቲ፡ ኽናድያ፡
'ኳ፡ የልቦን፡ ዝፈለጠ።
እውያታ፡ ሰምዔ፡ ኣብ፡ በረኻ፥
ተጨኒቓ፡ ኽላ፡ ረኸባ።

፬፡ እቲ፡ ደም፡ አብ፡ እኽራን፡ ዝፈሰሰ፡
ናይ፡ መን፡ ኢዩ፡ ኸን፡ ጐይታይ።
ካብ፡ እሙን፡ ጓሳ፡ ዝገስገሰ፡
ንበጊዑ፡ ንምድላይ።
"ከመይ፡ ከ፡ አካልካ፡ ቈሰለ፡"
"ብለይቲ፡ እሾኽ፡ ተወጊኤ።"

፭፡ ካብ፡ ርባ፡ ኻብ፡ አኽራን፡ ክሳዕ፡ ሰማይ፡
ናይ፡ እልልታ፡ ቃል፡ አድሂ፤
"ተሐጎሱ፡ እምበአር፡ ምሳይ፡
ንበጊዔይ፡ ረኺበ።"
መላእኽቲ፡ ኸአ፡ ተደምበሩ፤
"ፈጣሪና፡ ምርኮ፡ አምሊሹ።"

( Sacr. S. & S. 20. )

---

## መዝሙር፡ ናፍቆት፡ ሰማይ።

፵፬፡

፩፡ አቕርበኒ፡ አቕርበኒ፤
የሱሰይ፡ ክርኢ፡ እደሊ።
ነፍሰይ፡ አዝያ፡ ትናፍቕ፡
ንመድሐኒአ፡ ኽትረክብ፡
ቅድሚ፡ ገጹ፡ ደው፡ ክትብል።

፪፡ ቅዱስ፡ ኢዩ፥ ቕዱስ፡ ኢዩ፡
መዝሙር፡ ብጹኣን፡ ዚዝምሩ።
መንፈሪ፡ እንተ፡ ዝረክብ፡
ነፈረ፡ ናብኡ፡ ኽርክብ፡
በጺሔ፡ ምህለኹ፡

፫፡ ክንደይ፡ ሐጎስ፥ ክንደይ፡ ሐጎስ፡
ምስ፡ ’ቶም፡ ቅዱሳን፡ ክሕወስ፡
ኣብቲ፡ ኣደራኽ፡ ናይ፡ ወርቂ፥
ምስትውዓሉ፡ ኣይክእልኒ፤
ቤት፡ ኣምላኽ፡ ግሩም፡ ኢዩ።

፬፡ ደግፈና፥ ደግፈና፥
ኣብ፡ ሰማይካ፡ ኣብጽሐና።
ኣብ፡ ኦም፡ ህይወት፡ ከነተንፍስ፥
ሐዲሽ፡ መዝሙርካ፡ ኽንደርስ፡
ኣብቅዐና፡ ኣምላኽና።

(S. T. 339.)

---

፷፰፤

፩፡ ናብ፡ ቤተይ፡ ናብ፡ ላዕሊ፡
ትናፍቕ፡ ነፍሰይ፥
ናብ፡ ክርስቶስ፥
ናብ፡ ሰማያዊ፡ ርስቲ።

ምህላውሲ፡ አሎኒ፡
ሐገዝ፡ ብገድለይ፡
እቐበል፡ ግን፡ ድሐር፡
ናይ፡ ዐወት፡ ዘውዲ።

፱፡ ምኻድ፡ ካብ፡ ዝጅምር፡
ሰማይ፡ አቢለ፡
ከም፡ ጋሻ፡ እነብር፡
አብዛ፡ ምድሪ፡
እንተ፣ ጥዐመ፣ እኳ፡
ምፍላይ፡ አደሊ፡ 'ዬ፡
ካብዚ፡ ናብኡ፡ ኻብ፡ ኵሉ፡
ዚሳቐየኒ።

፲፣ ክአቱ፡ ዶ፡ ኸን፡
እኽእል፡ 'ዬ፣ ሰማይ፡
ዐገቲ፡ ምሕላፍ፡ ከን፡
ይኽልኡኒ።
ይርእያ፡ ኸን፡ ብጽዕቲ፡
የሩሳሌም፡ ዐይነይ።
እው፡ የሱስ፡ ሰዓሩ፡
የእትወኒ።

፬፡ ብኣኻ፡ ኽነብር፡
ከመውት፡ ከሎ፥
ስሌኻ፡ ኽስውእ፣
ናተይ፡ ኵሉ፥
እዚ፡ ምድራዊ፡ ቤት፡
እንተ፡ ፈረሰ፡ እኳ፡
ግን፣ መንፈሰይ፣ ይዝምር፥
ብምስጋና።

(Sankes Sånger 291. Uppåt 277.)

---

መ ዝ ሙ ር፡ ጥ ም ቀ ት ።

፵፯፡

፩፣ ዝፈጠርካና፡ ኣምላኽና፡
ትርሕርሓልና፡ ድማ፥
ነዚ፡ ሕጻን፡ ኣቦ፣ ኹኖ፡
ኣብ፡ ትሕቴኻ፡ ሕቑፎ፡
ናባኻ፡ ነቕርቦ።

፪፡ የሱስ፡ ክርስቶስ፡ መድሓኒና፡
ሕውነትካ፡ ሀብካና፥
ነዚ፡ ሕጻን፡ ’ዚ፡ ሓልዎ፡
ብጥምቀት፡ ኣንጽሐዮ፥
ናባኻ፡ ነቕርቦ።

፫፡ መንፈስ፡ ቅዱስ፡ ካብ፡ ሐጢአትና፡
ዝፈቶኻ፡ ምጽራይና፥
ነዚ፡ ሕጻን፡ ዚ፡ አዕብዮ፥
ንአኻ፡ አብቅዐዮ፥
ናባኻ፡ ነቕርበ።

፬፡ ዎ፡ ርሕሩሕ፡ እግዚአብሄር፥
ብፍቕርኻ፡ ዚነብር፥
እተአትዎ፡ አብ፡ ርስትኻ፥
ምስጋና፡ ነቕርበልካ፥
ንምሕጸን፡ ናባኻ።

( S. T. 795. Bih. till S. T. 57. )

---

መዝሙር፡ ብጊሓት ።

፵፯፡

፩፡ ዎ፡ መንፈስ፡ ቅዱስ፥ ሎም፡ ምጻእ፥
ናባኻ፥ አነ፥ ኽጽጋዕ።
እሙቕ፡ እሙቕ ቁሩር፡ ፍቕረይ፥
ንሀ፥ መንፈስ፡ ቅዱስ፥ አብ፡ ልበይ።

፪፡ ርዳእ፡ ንአይ፥ ዘኽታም፡ ቈልዐ፥
ከሰንፍ፥ ኵሉ፡ ፈተና፥
ከአ፡ አብ፡ ዘብሎ፡ መኻን፥
ክስዕብ፡ ንክርስቶስ፡ ኵሉ፡ እዋን።

፫፡ ጐይታይ፥ አጥፍእ፡ ፍቓድ፡ ስጋ፥
ኣብ፡ ልበይ፡ አንድድ፡ ፍቕርኻ፥
ትሑት፡ ዕጉስ፡ ኮይነ፡ ኸአ፡
ክነብር፡ ትሕቲ፡ መስቀልካ።

፬፡ ርዳእ፡ በዚ፡ መዐልቲ፡ 'ዚ፡
ናብ፡ አቦይ፡ ብትግሃት፡ ክርኢ፡
ከአ፡ ብኹሉ፡ ንምኽአል፡
"ኣብ፡ አቦይ፤" አሎኒ፡ ምባል።

፭፡ በዚ፡ እውዕል፡ ተአሚነ፡
ብሐይልኻ፡ ተደጊፈ፡
ብግሩህ፡ ፍቕሪ፥ ብተስፉ፡
ክነብር፡ ለማጊ፡ ቅድሜኻ።

(S. T. 388.)

---

## መዝሙር፡ ምሸት።

### ፵፫፡

፩፡ መዐልቲ፡ ሐሊፉ፡ ጐይታ፥
ምሳና፡ ኹን፡ አብ፡ ድቃስና።
ትሕልወና፡ አብ፡ ጸልማት፥
እሞ፡ ንሐድር ብህድአት።

፪፡ ስብሓት፡ ንአቦና፡ ይኹን፡
ንህዝብን፡ ሀገርኒ፡ ዘድሕን፣
ንደቁ፡ ስለ፡ ምጕሳይ፡
መልአኽ፡ ዚሰድድ፡ ካብ፡ ሰማይ።

፫፡ ዚኸፋ፡ ብኣምላኽ፡ ትእዛዝ፡
ይሐድሩ፡ ብጥዑም፡ ድቃስ፥
ብሐጎስውን፡ ይትንስኡ፣
ንአቦኦም፡ የመስግኑ።

( S. T. 449

---

## ፵፱፡

፩፡ ዘርግሕ፡ ገፊሕ፡ ኣኽናፍካ፡
ኣብ፡ ልዕለይ፥ ዎ፣ ጐይታይ፥
ክዕርፍ፡ ብሰላምካ፡
ብሐልዮትካ፡ ንአይ።
ረዳእየይ፡ ኩን፡ ብኹሉ፣
ምኽረይ፡ መራሒየይ፤
ምሉእ፡ ዕድመይ፡ ክነብር፡
ብጸጋኻ፡ ጥራይ።

፪፡ ሐጢኣተይ፡ ሕደገለይ፡
ብደምኻ፡ ደምስሶ።

ሐድሶ፡ ንፍቓደይ፡
ሐሳበይ፡ ቀድሶ።
ኵላትና፡ ተኽናኽን፡
ናእኽቱ፡ ዐበይቲ፥
ክንሐድር፡ ብሰላምካ፡
ጽቡቕ፥ ጥዑም፡ ለይቲ።

( S. T. 391.)

---

## መ ዝ ሙ ር ፡ ቀ ለ ው ዕ ።

፺፤

፩፡ ድኹም፥ ዘኽታም፡ ቈልዐ፡ ኢዩ፥
ግና፡ ሕጉስ፡ ኢዩ፤
እፈልጥ፡ አቦይ፡ ናይ፡ ሰማይ፤
ይሐሊ፡ ምእንታይ።

፪፡ ትፈቱ፡ ኢኻሞ፡ ንአይ፤
አዒንትኻ፡ ጓሳይ።
ካብ፡ ኵሉ፥ ገንዘብ፡ ምድርና፡
ይበልጽ፡ ፍቕርኻ፡

፫፡ ብሐጎስኒ፡ ብጸበባን፥
እዝምር፡ ኵሉ፡ እዋን፤

ጐይታይ፣ እምባይ፥ ደስታይ፣ እዩ፥
ሀብተይ፡ ከአ፡ ብኡ።
(S. T. 12.)

---

## ፺፩፤

፩፡ ብዝማሬ፡ መላእኽቲ፡
ብዙሕ፡ ሕጉስ፡ ኢዩ፤
ናይ፡ ክብሪ፡ ንጉስ፡ ኣብዚ፡
ከም፣ እተዋረደ።
ድኹም፥ ዘየስተውዕል፡ ኢዩ፥
ግን፡ ’ፈልጥ፣ ኣሎኹ፡
መታነይ፣ ከም፡ ዝመጸ፡
ንእይ፡ ብምፍቃሩ።

፪፡ ሕጉስ፡ ኢዩ፣ መድሐኒየይ፡
ንእይ፣ ብምምሳሉ፥
ከርኢ፣ ንኹሎም፡ ደቂ፡
ከመይ፡ ከም፡ ዚነብሩ።
ክመስሎ፡ እንተ፣ ደሌኹ፣
ብኹሉ፡ ንብረተይ፣
ብሐቂ፣ ኦይሐድገንን፣
ብምፍቃሩ፡ ንእይ።

፫፡ ክዝምር፡ ፍቕሩን፡ ምሕረቱን፡
ደስ፡ የብለኒ፡ ʼዩ፡
እኳ፡ እንተ፡ ዘይርኤኽዎ፡
ምስጋናይ፡ ይበጽሖ።
ተስፋ፡ ሂቡኒ፡ እዩሞ፡
ክአቱ፡ ኣብ፡ ሰማይ፡
ክዝምር፡ ምስ፡ መላእኽቱ፡
ብምፍቃሩ፡ ንኣይ።

(Sacr. S. & S. 517.)

---

፶፬፡

፩፡ የሱስ፡ ካብ፡ ሰማይ፡ መጸ፡
መከራ፡ ተቐበለ፡
ክድሕን፡ ካብ፡ ሓጢኣተይ፡
ደሙን፡ ቀስሉን፡ ንጥቕመይ።
የሱስ፡ ይፈቱ፡
የሱስ፡ ይፈቱ፡
የሱስ፡ ይፈቱ፡
ካብ፡ ቃሉ፡ ሰሚዔ።

፪፡ ዐይኒ፡ ልበይ፡ ይርእዩ፡
ኣብቲ፡ መስቀል፡ ሰቐልዎ፡

ሐዘን፡ ተጨነቐ፥
ምእንታይ፡ ተጋደለ።
  የሱስ፡ ይፈቱ፥

፫፡ ድንጋብ፡ ልበይ፡ ጀመረ፡
ናብኻ፡ ጥራይ፡ ደለ፡
ምእንታይ፡ ዝሐለፍካ፡
ገንሸል፡ ናይ፡ አምላኽ፡ ኴንካ።
  የሱስ፡ ይፈቱ፥

፬፡ ዎ፥ መድሕን፥ አባይ፡ ንበር፥
መቕደስካ፡ ንአይ፡ ግበር።
ደምካ፡ ፈሰሰ፡ ስለይ፥
ናትካ፡ ይኹን፡ ንብረተይ።
  የሱስ፡ ይፈቱ፥

(Fridssånger 189.)

---

፵፫፤

ጥያቄ፡ ፩፡ ካብ፡ ሰማይ፡ መን፡ ወረደ፤
ምላሽ፡ ጐይታ፡ የሱስ፡ ክርስቶስ።
ጥ፡ ሕጻን፡ ከይኑ፡ ’ተርኤ፤
ም፤ ጐይታ፡ የሱስ፡ ክርስቶስ።
ብሐንሳእ፤ ዘምሩ፡ ንኽብረቱ፥
ከድሕነና፡ መጺኡ፥

የልበን፡ ዘፍቀረ፡ ኸምኡ፥
ከም፡ ጐይታና፡ ክርስቶስ።

፪፡ መን፡ ሞተ፡ ኣብ፡ ጐልጎታ፤
ጐይታ፡ የሱስ፡ ክርስቶስ።
ከድሕነና፡ ኵልና፤
ጐይታ፡ የሱስ፡ ክርስቶስ።
ዘምሩ፡

፫፡ መን፡ ’ዩ፡ ፈቃር፡ ኵሉ፡ እዋን፤
ጐይታ፡ የሱስ፡ ክርስቶስ።
መን፡ ይብል፤ "እመን፡ ድሓን፤"
ጐይታ፡ የሱስ፡ ክርስቶስ።
ዘምሩ፡

፬፡ ኣብ፡ ዝፋን፡ ሰማይ፡ መን፡ ’ዩ፤
ጐይታ፡ የሱስ፡ ክርስቶስ።
መን፡ ነገልግል፥ መን፡ ንፍቶ፤
ጐይታ፡ የሱስ፡ ክርስቶስ።
ዘምሩ፡

፭፡ መን፡ ይምለስ፡ ካብ፡ ላዕላይ፤
ጐይታ፡ የሱስ፡ ክርስቶስ።
ደቂ፡ ኸረስቲ፡ ሰማይ፤
ጐይታ፡ የሱስ፡ ክርስቶስ።
ዘምሩ፡ ንኽብረቱ፡

ከድሕነና፡ መጺኡ፥
የልበን፡ ዘፍቀረ፡ ኸምኡ፥
ከም፡ ጐይታና፡ ክርስቶስ።

( Sacr. S. & S. 525. )

---

## ምስጋና።

### ፻፩

ኵሉ፡ ሰብ፣ ኵሉ፡ ሰብ፡
ንኽብሪ፡ ክርስቶስ፡
ሎሚ፡ አቕርቡ፡ ስብሓት፥
ሞባእ፡ ልብና፡ ንሀበ፡
ዘድሕነና፡ ንሱ፡ 'ዩ።
ዘምሩ፡ ንኽብሩ፡ ንዚረድኣና፣
ይቐድወና፡ ኹልና።
ኵሉ፡ ጸር፡ ብኡ፡ ይቐልል፡
ብፍቕሩ፥ ብቕዱስ፡ ሽሙ።

( Bih. till Pilgrimssånger 2. )

---

### ፻፪፡

ክቡር፡ ይኹን፡ አምላኽ፡ አ ብ፡ ላዕሊ፥
ሰላም፡ ኣብ፡ ምድሪ፥
ንኹሉ፡ ሰብ፡ ጽቡቕ፡ ፍቓድ።

ክብሪ፡ ንእምላኽ፡ አብ፡ አርያም፡ ዘሎ፥
ሰላም፡ አብ፡ ምድሪ፥
ንኹሉ፡ ሰብ፡ ጽቡቕ፡ ፍቓድ፡፡

( S. T. 30 )

---

## መ ዝ ሙ ር ፡ ቡ ራ ኼ ።

### ፻፮፧

እምላኽና፡ ይባርኸና፥
የድሕነና፡ ብለውሃት።
ንሱ፡ ገጹ፡ የብርሀልና፡
ልዕሊ፡ ኹልና፡ ነፍሳት።
ናብዚ፡ ህዝብኻ፡ ቕረብ፡
ከምኡውን፡ ሰላም፡ አቕርብ።
ንእምላኽ፡ ይኹን፡ ምስጋና፡
ስለ፡ ኹሉ፡ ጸጋ። አሜን።

( S T 550. )

---

### ፻፯፧

ጸጋ፡ ጐይታና፡ የሱስ፡ ክርስቶስ፥
ፍቕሪ፡ እግዚአብሄር፥
ናይ፡ መንፈስ፡ ቅዱስ፡ አንድነት፡

ምስ፡ ኰላትና፡ ይኹን፥
ምስ፡ ኰላትና፡ ይኹን፤
ምስ፡ ኰላትና። አሜን።

(S. T. 432.)

---

## ፶፫፡

፩፡ ንየሱስ፡ ሽም፡ ይኹን፡ ስብሓት፤
ጭፍራ፡ ሰማይ፡ ድረስ፡
ይመስሎ፡ ዘውዲ፡ መንግስታት።
ነንግስ፥ ነንግስ፥ ነንግስ፡
ናይ፡ ሰማይ፡ ንጉስ።

፪፡ ሰማእታትውን፡ ተሰለፉ፡
ብቓና፡ እምብልታ፤
ምስጋናኹም፡ አበርክቱ።
ነንግስ፥ ነንግስ፥ ነንግስ፡
ናይ፡ ሰማይ፡ ንጉስ።

፫፡ ፋሕ፡ ዘልኩም፡ ደቂ፡ እስራኤል፥
ብኡ፡ እዩ፡ ምድሓን።
ተቐበሉ፡ አማኑኤል።
ነንግስ፥ ነንግስ፤ ነንግስ፡
ናይ፡ ሰማይ፡ ንጉስ።

፬፡ አቱም፡ አህዛብ፡ ተሐጎሱ፤
ብኡ፡ ኢዩ፡ ብርሀን።
አብ፡ ትሕቲ፡ እግሩ፡ ውደቑ።
ነንግስ፥ ነንግስ፥ ነንግስ፡
ናይ፡ ሰማይ፡ ንጉስ።

፭፡ ንዑ፡ ኵሉ፡ ህዝቢ፥ ኵሉ፡ ሰብ፡
ካብ፡ መላእ፡ ምድርና፡
መስዋእቲ፡ ልብና፡ ነቕርብ።
ነንግስ፥ ነንግስ፥ ነንግስ፡
ናይ፡ ሰማይ፡ ንጉስ።

፮፡ ምስ፡ እልፊ፡ አእላፍ፡ ቅዱሳን፡
ክንውድስ፣ አብ፡ ሰማይ፡
ነቲ፡ ክፍ፡ ዘለ፡ አብ፡ ዝፋን።
ነንግስ፥ ነንግስ፥ ነንግስ፡
ናይ፡ ሰማይ፡ ንጉስ።

(Uppât 14.)

---

## ፵፱፤

፩፡ ጽምኣት፡ ነፍሰይ፡ ዜዝሕል፡ ፈልፋሊ፡
እፈልጥ፡ ኢዩ፣
እፈልጥውን፡ እቲ፡ ዐቢ፡ ሐይሊ፡
ንሞት፡ ዝሰዐረ፥

ዝዘነነ፡ ጭፍሉቕ፡ ሻምብቆ፥
ነቲ፡ ተኻኺ፡ ዘየጥፍኦ፤
ፍቕሪ፡ ክርስቶስ፡ ኢዩ።

፪፡ አብ፡ ማእከል፡ ውግእ፡ ጥዑም፡ ድሀዩ፡
ይስምዐኒ፥
ስለ፡ ሰላም፡ አብ፡ ሰማያት፡ ዘሎ፡
ኬበሽረኒ።
እዚ፡ ባህ፡ የብሎ፡ ንልበይ፥
እዝምርውን፡ ብሕጉስ፡ ድሀይ፡
ስለ፡ ፍቕሪ፡ ክርስቶስ።

፫፡ እቲ፡ አብ፡ ጽዮን፡ ምስ፡ የሱስ፡ ክርስቶስ፡
ዚርከብ፡ ክብረት፡
ምብዳሉ ምስ፡ ናይ፡ ዐለም፡ ሐጎስ፡
አይፈቱን፡ ዘበት።
የሳልየኒ፡ ብምፍቃሩ፥
ክነብር፡ ኢዩ፡ ንሐዋሩ፡
ሳላ፡ ፍቕሪ፡ ክርስቶስ።

(Hemlandstoner 13.)

---

፹

፩፡ ዕዳ፡ ተኸፍለ፡ ስዕረት፡ ተረኽበ፡
ክርስቶስ፡ ስሌና፡ አብ፡ መስቀል፡ ሞተ።

ኵሉ፡ ተፈርዶ፡ ብሕጊ፥ ግን፡
ክርስቶስ፡ ንኹልና፡ የድሕን።
ንነፍስ፡ ወከፍ፡ ኰይኑ፡ መድሓኒ፥
ንነፍስ፡ ወከፍ፥ ጽን፡ በል፡ በዓሊ።
ጠምት፡ ናብ፡ መስቀል፥ ሐራ፡ ውጻእ፤
ክርስቶስ፡ ገዝአና፡ ኹልና።

፱፡ ሕጂ፡ ኻብ፡ ፍርዲ፡ ሐራ፡ ወጻእና፥
የሱስ፡ ምሉእ፡ ምድሓኑ፡ ሀበና።
"ምጹ፡ ናባይ፥" ድሀዩ፡ ስምዑ፥
ኩሎም፡ ይፈቱ፡ ኺድሕኑ።
ንነፍስ፡ ወከፍ፡

፲፡ ደጊም፡ ነመስግን፡ ዝሐረየና፥
ንሱ፡ ኻብ፡ ውድቀት፡ ይሕልወና።
ከምኡ፡ ዜፍቅር፡ አይርከብኒ፤
ጺጋ፡ ንኹሉ፡ መፍሰሲ።
ንነፍስ፡ ወከፍ፡ ኮይኑ፡ መድሓኒ፥
ንነፍስ፡ ወከፍ፥ ጽን፡ በል፡ በዓሊ።
ጠምት፡ ናብ፡ መስቀል፥ ሐራ፡ ውጻእ፤
ክርስቶስ፡ ገዝአና፡ ኹልና።

( S. T. 630. )

## ፳፩፡

፩፡ ንው፡ ነመስግኖ፡
ንጸጋ፡ የሱስና፥
ዐቢ፡ ምስ፡ ንእሽቶ፡
ነቕርብ፡ ምስግናና፥
ነቲ፡ አማኒና።

፪፡ ምድርን፡ ሰማይን፡
ገዚኡ፥ ኸሎሲ፡
ጭንቅን፡ ድኻምኒ፡
ጾረ፡ ብሐጎሲ፡
ከድሕን፡ ንበደልቲ።

፫፡ ጸገመይ፡ ኩሉ፡
አብ፡ ምድሪ፡ ስደተይ፡
ብዐቢ፡ ዐቕሉ፡
ሐለፎ፡ ንጥቕመይ፥
ሐለፎ፡ አብ፡ ክንዳይ።

፬፡ ኩሉ፡ ምጽዓሩ፥
ኩነናት፡ ንምድሓን፥
ፍጹም፡ ተማሕሩ፡
ምጉሳት፡ ብምዃን፥
አልባሱ፡ ብምኽዳን።

፫፡ ንው፡ ነመስግኖ፡
ወርትግ፡ ንዐርክና፥
ፍቕሩ፡ ነኽብሮ፡
ልሳንና፡ ልብና፡
የዕቢ፡ ንፍቁርና።

( S. T. 2. )

---

## ፳፱፤

፩፡ አምላኽ፣ ኢዩ፣ መራሕየይ፥
ክንደይ፡ ደስ፡ ይብሎ፣ ንልበይ፤
አብ፣ ዘብሎ፡ ብዝገበሮ፡
የታትየኒ፡ ብኢዱ።
መራሕየይ፡ አምላኽ፡ ኢዩ፥
የታትየኒ፡ ብኢዱ፥
ተአሚነ፡ ክኽተሎ፡
ዜታትየኒ፡ ብኢዱ።

፪፡ ብሐጎስኒ፡ ብጸበባን፥
ብጸልማት፡ ከነ፣ ብብርሀን፥
ብጥንቁቕ፡ ኢዱ፡ ንሱ፣ ንአይ፡
ይመርሕ፡ ኢዩ፡ ናብ፡ ሰማይ።
መራሕየይ፣

፫፡ አስተምህረኒ፡ አምላኸይ፡
ክዝርግሕ፡ ናባኻ፡ ኢደይ፥
ህዱእ፡ ክኸውን፡ ቅድሜኻ፡
አቦይ፡ ምሳይ፡ ካብ፡ ዘሎኻ።
መራሕየይ፡

፬፡ እቲ፡ ናብራይ፡ ምስ፡ ፈጸምኩ፥
ብጸጋኻ፡ ዝነበርኩ፥
ካብ፡ ማዕበል፡ ሞት፡ አይፈርህኒ፡
አቦይ፡ መራሒ፡ አሎኒ።
መራሕየይ፡ አምላኽ፡ ኢዩ፥
የታትየኒ፡ ብኢዱ፥
ተአሚነ፡ ኽኽተሎ፡
ዜታትየኒ፡ ብኢዱ።
( S. T. 720. )

---

፳፫፤

፩፡ ጐይታ፡ ኻብ፡ ላዕሊ፡ ናብ፡ ምድሪ፡ ተገልጸ፥
አብ፡ ቤት፡ ልሄም፡ ወዲ፡ አምላኽ፡ ተወልደ፥
ፈጸመ፡ ብነብያት፡ እተባህለ፡
ስለ፡ መሲህ፡ ተስፋ፡ ናይ፡ እስራኤል።

፪፡ ትጽቢትኪ፥ ጽዮን፡ አሻሕ፡ ዐመት፡ ደንጐ፡
ግን፡ ሕጂ፡ ልደት፡ መድሓኒ፡ ተፈልጠ፤

ሐጎስ፡ አብ፡ ቤት፡ ሐጎስ፡ ድማ፡ አብ፡ ደገ፥
ዕርቅን፡ ሰላምን፡ ንምስጉናት፡ ሰብ።

፫፡ ጓሶት፡ ንኽብቲ፡ ዚሕልዉ፡ ብለይቲ፡
ስምዑ፡ ካብ፡ አርያም፡ መዝሙር፡ ናይ፡
መላእኽቲ፤
ክብሪ፡ አብ፡ ላዕሊ፤ ሰላም፡ አብዛ፡ ምድሪ፡
አብ፡ ኹሉ፡ ህዝቢውን፡ ጽቡቕ፡ ፍቓድ።

(S. T. 578.)

---

፳፬፤

፩፡ አይርስዮን፡ እቲ፡ ጊዜ፡ አብ፡ ጌቴሴማኒ፡
ምስ፡ ረኤኹኻ፡ ደም፡ ኪርሀጽ፡
ገጽካ፡ መድሐኒየይ።
አይርስዮን፥ አይርስዮን፥
ከቶ፡ አይርስዮን፥
ናይ፡ ብርቱዕ፡ ጻዕርኻ፡ ጊዜ፥
አብ፡ ጌቴሴማኒ።

፪፡ አብቲ፡ መኻን፡ አታኽልቲ፡
ብልበይ፡ ርኤኹኻ
አብ፡ ክንዲ፡ ኹሉ፡ ፍርዲ፡ መዐት፡
ከም፡ እተቐበልካ።
አይርስዮን፥ —

፫፡ ፈተውትኻ፡ ጠለሙኻ፡
አይንሐፈካን፡ ኣብ፡
ክንደይ፡ ተሸገርካ፡ ሽዑ፡
ዘየርክቦ፡ ሐሳብ።
አይርስዖን፡ —

፬፡ እንተ፡ ዝሐለ፡ ፍቕረይ፡ ግን፡
ንዐኻ፡ አምላኸይ፡
አዘክረኒ፡ ጻዕርኻ፡
ተቐበልካ፡ ስለይ።
አይርስዖን፡ —

(S. T. 584.)

---

፳፫፤

፩፡ ዕጉስ፡ ዕጉስ፡ በጊዕ፡ አምላኽ፤
ኵሉ፡ ሐጢአተይ፡ ተሰከምካ።
ቅዱስ፡ ቅዱስ፡ ኵሉ፡ ጽድቂ፡
ንስኻ፡ መታነይ፡ ፈጸምካ።

፪፡ ስልጡን፡ ስልጡን፤ ሐይሊ፡ ሞትኒ፡
ሐይሊ፡ ሐጢአትኒ፡ ደማሰስካ።
ፈቃር፡ ፈቃር፤ ዕርቂ፡ ህይወት፡
ንስኻ፡ ንእይ፡ አዳሉኻ።

፫፡ ሀያብ፡ ሀያብ፤ ንእዳምእ፡
ምድሪ፡ ጽቡቕ፡ ገነት፡ ገበርካ።
ምስጉን፡ ምስጉን፤ ኵሉ፡ ኢኻ፡
ኵሉ፡ ኸንቱ፡ ’ዩ፡ ብጀካኻ

(Sabbatstoner 14.)

---

፹፯፡

፩፡ ክንደይ፡ ስቓይኒ፡ ቑስልን፡
በጽሐካ፡ ዎ፡ ጐይታይ፡
ክንደይ፡ ውርደትኒ፡ ጸርፍን፡
ተቐበልካ፡ ኽንዳይ።
ክትክለል፡ ይግብአካ፡
ብኽብሪ፡ ሕጂ፡ ግን፡
ኣኽሊል፡ እሾኽ፡ ወግአካ፡
ስብሐት፡ ርኸብ፡ መድሕን።

፪፡ ልበይ፡ የመስግነካ፡
ትባርኽውን፡ ነፍሰይ፡
ስለ፡፡ ብርቱዕ፡ ጻዕሪ፡
ዝጸርካ፡ ንጥቕመይ።
እምብአር፡ ነፍሰይ፡ እውሪ፡
ንእኻ፡ ዎ፡ ጐይታይ፡

ካብ፡ ሕጂ፡ ንዘልአለም፡
ናትካ፣ ይኹን፡ ናብራይ።

፫፡ ንኹሉ፡ እቲ፣ ጭንቀት፤
ንፍርዲ፡ ንመዐት፡
እብ፡ መስቀል፡ ዝበጽሐካ፡
እነ፡ 'ዩ፡ ምኽንያት።
እሞ፡ ንአይ፡ ንሐጥእ፣
ይግባእ፡ 'ዩ፡ ቕጽዓት፤
ግን፡ ጸጋኻ፡ ሀበኒ፣
ስለ፡ ናትካ፡ ለውሃት።

(S. T. 33.)

---

፳፯፤

፩፡ አብ፡ ዝኸድካ፡ የሱሰይ፡
አነውን፡ እናፍቕ፤
አብዚ፡ ዐለም፡ ኔብለይ፡
ነፍሰይ፡ ዘተዐርቕ።
ስደደለይ፡ መንፈስካ፡
ንልበይ፡ ዜጽሪ፡
ህይወት፡ ሀይማኖት፡ ከአ፡
ብምሉእ፡ ዚህበኒ።

፪፡ ምትምናይ፡ እኩይ፡ ስጋ፡
ክሰቕሎ፡ እደሊ።
ም፥ የሱስ፥ ብጸጋኻ፡
ንምኽኣል፡ ሀብ፡ ሐይሊ።
ክስዕበኻ፡ ፈቶኹ፥
ንስኻ፡ ንነፍሰይ፡
ህይወት፡ ጥንቲ፡ ንምሀብ፡
መሪር፡ ሞት፡ ሞትካለይ።

፫፡ ካብ፡ ሐጢኣተይ፡ ንምርሐቕ።
ንምምባር፡ ም ሳኻ፡
ዐደግካኒ፥ ንምጽዳቕ፡
በቲ፡ ቕዱስ፡ ደምካ።
ባዕልኻ፡ ዘተስፎኻ፥
ርስተይ፡ ከተዳሉ፡
ኣብ፡ ሰማያት፡ ዓረግካ፡
ከቢርካ፡ ብኹሉ።

(S T. 555.)

---

፳፫፡

፩፡ ብየሱስ፡ ሽም፡ ድፉእ፥
እዋን፡ ሐጺር፡ 'ዩ።

አብ፡ ዐለም፡ አይትጽናዕ፤
እዋን፡ ሐጺ.ር፡ ’ዩ።
ትኸ፡ ኢ.ለ፡ ንቕድመይ፡
አሎ፡ ምዕራፍ፡ ነፍሰይ፣
ናብኡ፡ ’ዩ፡ ድሌተይ።
እዋን፡ ሐጺ.ር፡ ’ዩ።

፬፡ አንተልኩ፡ ’ኳ፡ ኸብ፡ ለዋ፤
እዋን፡ ሐጺ.ር፡ ’ዩ።
ላዕሊ፡ አሎኒ፣ ቤት፡
እዋን፡ ሐጺ.ር፡ ’ዩ።
ሰልፊ.ይ፥ መገደይውን፣
ብርቱዕ፥ ክነሱ፡ ግን፡
የሱስ፡ ኢ.ዩ፡ ዜድሕን።
አዋን፡ ሐጺ.ር፡ ’ዩ።

፭፡ ቀጥ፡ በል፡ ብሀይማኖት፤
እዋን፡ ሐጺ.ር፣ ’ዩ።
ጽዐር፡ ንአኽሊ.ል፡ ሀይወት፤
እዋን፡ ሐጺ.ር፡ ’ዩ።
ከሎኹ፡ ምሳኻ፡
ሐዘን፡ አይእቶኻ፥
ዘልኩ፡ እንተልኩኻ፡
እዋን፣ ሐጺ.ር፡ ’ዩ።

፬፡ ብስርሒይ፡ ትጋህ፤
እዋን፡ ሐጺር፡ 'ዩ።
ደገይ፡ ጥራይ፡ ጽናዕ፤
እዋን፡ ሐጺር፡ 'ዩ።
ሐዞ፡ ንናተይ፡ ቃል፥
ንሳሕ፡ ንምግልጋል፥
ባህ፥ በል፥ ንምግዳል።
እዋን፡ ሐጺር፡ 'ዩ።

(S. T. 272.)

---

፹፱፤

፩፡ እዋን፡ ሐላፊ፡ 'ዩ፣
ዋዛ፡ መጥፍኢኡ።
ሐሳብካ፡ እንተቐንዐካ፡
መጢንካ፡ ተሐጎስ፡ ኢኻ፤
እዋን፡ ሐላፊ፡ 'ዩ።

፪፡ እዋን፡ ሐላፊ፡ 'ዩ፣
ሐዘን፡ መጥፍኢኡ።
ጭንቀት፡ እንተረኸበካ፡
አይተዕርቦ፡ ሕሊናኻ፤
እዋን፡ ሐላፊ፣ 'ዩ።

፫፡ እዋን፡ ሐላፊ፡ 'ዩ፥
ትህኪት፡ መጥፍኢኡ።
ፈቲኻ፡ ዕየ፡ አብ፡ ምድሪ፡
አይተርፈካን፡ ምኽፋል፡ ግብሪ፤
እዋን፡ ሐላፊ፡ 'ዩ።

(S. T. 279.)

---

፴፩፤

፩። ናብ፡ ሞት፡ እኸይድ፡ አሎኹ፥
እዚ፡ ኽፍለይ፡ ኢዩ፡ 'ሞ።
ብጽቡቕ፡ ኮነ፡ ብኽፉእ፡
መቓብረይ፡ እአትዎ።
ምሕራይ፡ አይዕቕመይኒ፤
ብንህን፡ ሐጎስኒ፡
ጥራስ፡ ምኻደይ፡ ቀሪቡ፥
ናብ፡ ሞት፡ እኸይድ፡ አሎኹ።

፪፡ ክኸይድ፡ ኢዩ፡ ናብ፡ ሰማይ፥
ንየሱስ፡ ካብ፡ ሰዐብኩ።
ምስኡውን፡ ደስ፡ ይብላ፡ ነፍሰይ፡
ስጋ፡ መሬት፡ ክነሱ።
ጽቡቕ፡ ግደ፡ ሐርየ፤

ብኹሉ፡ ዝመጸ፡
ብኡ፡ ህዱእ፡ ኢዩ፡ ናብራይ፥
ክኸይድ፡ ኢዩ፡ ናብ፡ ሰማይ።

(S. T. 542.)

---

## ፸፩፤

፩፡ ስምዑ፡ ዐጻዶ፡ ኹሉ፥
ብኸንቱ፡ ደው፡ ትብሉ፤
ጥዑም፡ ጊዜ፡ ይሐልፍ፥
ይጠፍእ፣ ብኸምኡ።
እንታይ፡ 'ሞ፡ ይጠቕመኩም፡
ንኻልኣት፡ ምጽባይ፤
ክቡር፣ ጊዜ፡ ይሐልፍ፡
ዚጠቅም፡ ንምዕያይ፡

፪፣ ኣብ፡ ግራት፡ ናይ፡ ኣምላኽ፡ ኪዱ፥
ዕየዩ፡ ብትግሃት፥
ይመጽእ፡ ኣሎ፡ እሞ፡
ዘየዕየኩም፡ ጸልማት።
ጐይታ፡ ዐጻዶ፣ ደልዩ፥
ይረክብ፣ ከን፡ ምላሽ፡
ወይ፡ እቲ፡ ፍረ፡ ኣብ፡ ግራቱ፡
ኪተርፍ፡ ንብላሽ።

፫፡ ኪዱ፡ ነፍሳት፡ አድሕኑ፡
ብቕዱስ፡ ቃል፡ ወንጌል፤
ይብራህ፡ ብርሃን፡ ኣብ፡ ኵሉ፡
ብፍጹም፣ ልብ፡ ንበል።
ተአመን፡ ብህያብካ፥
ንእሙን፡ ሰራሐይ፡
ጐይታና፡ የሱስ፡ ክርስቶስ፡
የዕርፎ፡ ኣብ፡ ሰማይ።
(Sâcr. S. & S. 101.)

---

## ፸፱፡

፩፡ ጽረግ፡ መገዲ፡ ኣምላኽ፤
ዐሚቑ፡ በሪኽ፡ ሰጥ፡ በል፤
ይመጽእ፡ ኣሎ፡ እሞ፣
ቅቡእ፡ ናይ፡ እስራኤል።
ንሱ፡ 'ዩ፡ መስፍን፡ ጽድቂ፡
ናይ፡ ስልጣናት፡ ጠቕላሊ።
ንኡ፡ ስብሐት፡ ንሀብ፡
ዚመጽእ፡ ብስም፡ ኣብ።

፪፡ ንጉስ፡ ዘልአለም፡ ኢዩ፡
ናባና፡ ዝመጸ፤

ክዳን፡ ንዘርግሐሉ፤
ተስፋና፡ ፈጸመ።
ቃሉ፡ ኢዩ፡ ሐቀኛ፡
ንዘምር፡ ሆሳእና።
ንእ፡ ስብሐት፡ ንሀብ፣
ዚመጽእ፡ ብሽም፡ አብ።

፫፡ አፍ፡ ደጌኻ፡ አርሕዮ፡
ንኽብሪ፣ ንጉስካ፥
ትጽቢት፡ አህዛብ፡ ርአዮ፡
ነቲ፡ ብጽሶናኻ።
አብ፡ ዙርያ፡ ምድሪ፡ ኹሉ፡
ከምዚ፡ ኢሎም፡ ኪዝምሩ፤
ንእ፡ ስብሐት፡ ንሀብ፡
ዚመጽእ፡ ብሽም፡ አብ።

፬፡ የሩሳሌም፡ ተወርረ፥
ቤት፡ መቕደሱ፡ ዐኖ፥
ክህነቱውን፡ ተሳዕረ፥
ሉሉን፡ ዘውዱን፡ ጠፍአ።
ግን፡ መንግስቲ፡ ጐይታና፡
ይነብር፡ ብምስጋና።
ንእ፡ ስብሐት፡ ንሀብ፡
ዚመጽእ፡ ብሽም፡ አብ።

(S. T. 551.)

፳፫፡

፩፡ ጽሐይ፡ ብሐድሽ፡ በረቐ፡
ተመስገን፡ ም፡ ልዑል።
ብሕዱስ፡ ሐይሊ፡ ተስፉውን፡
ድሀይ፡ ታሕጓስ፡ ኤልዕል።

፪፡ ጽሐይ፡ አብረቕካ፡ ብእኩብ፡
ንሕሱም፡ ንድሓን።
ብፍቕርን፡ ብትዕግስትን፡
ከማኻ፡ ኸ፡ ምኹን።

፫፡ ም፡ አበይ፡ ደግፍ፡ ንምግባር፡
ፍቓድካ፡ ኹሉ፡ ሳዕ፡
ክፈልጥውን፡ አብ፡ ጸጽባሕ፡
ዚሕደስ፡ ጸጋኻ።

(S. T. 478, 535.)

---

፳፬፡

፩፡ ስለዚ፡ ዝሐለፈ፡ መዐልቲ፡
ም፡ ረዳእየይ፡ አምላኸ፡ ተመስገን፡
ኵሉ፡ ገበርካለይ፡ ኪጠቕመኒ፡
ሕበድካኒ፡ ሐሎኻኒውን።
ክምንደቑ፡ አቦ፡ ዚካናኸን፡

ንስኻ፡ ኽምኡ፡ ንእይ፡ ከእ፡
ኣብ፡ ርሕሩሕ፡ ኢድካ፡ ተሰከምካኒ፤
ከቶ፡ ውሉድካ፡ ነይመኖኻ።
፪፡ በዚ፡ ለይቲዚውን፥ ኣዕርፈኒ፡
ትሕቲ፡ ስልጡን፡ ኢድካ፥ ዎ፡ እበይ፤
ንመልአኽካ፡ ኣዝዝ፡ ኪመጸኒ፡
ኪኽነኒ፡ እሙን፡ ሐላውየይ።
እብዚ፡ ዐለምዚ፡ ሰላም፡ ተሳእነ፥
ንስኻ፡ ህድኣት፡ ነፍሰይ፡ ኢኻ፥
ዎ፡ ለዋህ፡ ኣማንየይ፡ ምርሐኒ፡
ብመገዲ፡ ናብ፡ መንግስትኻ።

(S. T. 751.)

---

፸፰፡

፩፡ ምሳይ፡ ንበር፡ መዐልቲ፡ ሐለፈ፣
ምሳይ፡ ንበር፡ ጸላምውን፡ ከደነ።
ካልእ፡ ረዳኢ፡ ምስ፡ ተሐለለ፡
ሐጋዚ፡ ግዱፋት፡ ንእይ፡ ድለ።
፪፡ ናይ፡ ሰብ፡ ዕድመ፡ ይሐልፍ፡ ከም፡ ራኢ፡
እቲ፡ ምድራዊ፡ ሐጎስ፡ ድማኢ።
ከባቢየይ፡ ይመክኽ፡ ከም፡ ስምዒ።
ኩነኒ፥ ዎ፡ ኀይታይ፥ መጸግዒ።

፫፡ ህዱእ፡ ኢየሱ፡ ካብ፡ ዘሎኹ፡ ምስኡ፤
የሱስ፡ ብኽያትኒ፡ ቓንዛን፡ አጥፊኡ።
ሲአልኒ፡ ሞትኒ፡ አይትነየቱ፤
ክስዕር፡ ኢየሱ፡ ይህበኒ፡ ዐወቱ።

፬፡ ምስ፡ ቀረበ፡ መዐልቲ፡ ስንብታይ፡
ተገለጸለይ፥ ዎ፡ የሱስ፡ ንአይ።
ጸልማት፡ ኪሀድም፡ ብብርሃን፥ ሰማይ፥
ብሞት፡ ብህይወት፡ አይትርሐቕ፡ ከባይ።

(Sacr. S. & S. 731.)

---

፸፯፡

፩፡ ጽቡቕ፡ ኢየሱ፡ ንምርአይ፡
እቶም፡ ከዋኽብቲ፡ ሰማይ፥
ከንደይ፡ ብሩህ፡ ኢየሱ፡ ጸዳሎም፥
ባህ፡ የብል፡ ቅምጽ፡ ምባሎም፡
ካብዚ፡ ምድርና፡ ናብኦም፥
ካብዚ፡ ምድርና፡ ናብኦም።

፪፡ ለይቲ፡ ልደት፡ ምስኮነ፡
ጸልማት፡ ብርቱዕ፡ ነበረ፥
ግን፡ ብኡ፡ ብኡ፡ ይትኰስ፡
ወቢ፡ ነበልባል፡ ዜሐጉስ፤

ብሩህ፡ ኮኾብ፡ ናይ፡ ቤት፡ ልሄም፥
ብሩህ፡ ኮኾብ፡ ናይ፡ ቤት፡ ልሄም።

፫፡ ንሱ፡ ሰብ፡ ሰገል፡ መርሐ፥
ናብ፡ መድሐኒ፡ አብጽሔ።
ንሕናውን፡ ከምኡ፡ አሎና፥
ክንስዕብ፡ ዊን፡ እንተለና፥
የሱስ፡ ክርስቶስ፡ ንረኽቦ፥
የሱስ፡ ክርስቶስ፡ ንረኽቦ።

፬፡ እቲ፡ ብሩህ፡ ጽሩይ፡ ኮኾብ፥
ዚመርሐና፡ ናብ፡ ቤት፡ ኣብ፥
ኣምላኻዊ፡ ቓሉ፡ ኢዩ፥
ዝሀበና፡ ብምግላጹ፡
ከም፡ ብርሃን፡ ንእግርና፥
ከም፡ ብርሃን፡ ንእግርና።

(Uppåt 237.)

---

፳፯፤

፩፡ ደኺመ፡ ኽግምሰስ፡ ’ዩ፥
ዐይነይ፡ ሕጂ፡ ኽበደ፥
ኣዝዝ፡ ንመልኣኽ፡ አበይ፡
ኪኽበኒ፡ ብዙርያይ።

፪፡ ሎሚ፡ ብዝዐገ፡በክዎ፡
ፈቃር፡ አምላኽ፡ ደምስሶ፥
ይጹረኒ፡ ፍቕርኻ፥
ከስዕብ፡ አስአሰርካ።

፫፣ ዝሀብካኒ፣ ኹላቶም፡
በዚ፡ ለይቲ፡ ሐልዎም፥
ዐብን፡ ንእሽቶን፡ ኵሉ፡ ሰብ፡
ብሰራዊትካ፡ ኽበብ።

(Barnens Sångbok I. 18.)

---

፸፰፤

ልበይ፡ አንጽሐዮ፡ አምላኽይ፥
ጽኑዕ፡ መንፈስ፡ ድማ፡
አብ፡ ውሽጠይ፡ ሐድስ።
አይትደርብየኒ፡ ኻብ፡ ቅድሚ፡ ገጽካ፥
ቅዱስ፡ መንፈስካ፡ አይተርሕቕ፡ ካባይ።
ልበይ፡ አንጽሐዮ፡ አምላኽይ፥
ጽኑዕ፡ መንፈስ፡ ድማ፡
አብ፡ ውሽጠይ፣ ሐድስ።

(Dav. Ps. av Blomqvist 37.)

---

## ፳፱፡

፩፡ ፃ፡ ጽዮን፡ ይመጽእ፡ መሲህኪ፡
ዝነገሩሉ፡ ነብያት፥
ጽንሒ፡ ሆሳእና፡ ዘርጊሕኪ፡
ተዳለዊ፡ ኽም፡ መርዓት።
ተሐጎሲ፥
እልልታ፡ ንኡ፡ አቕርቢ፥
ተሐጎሲ፥
ንእምላኽ፡ ስብሐት፡ አቕርቢ።

፪፡ ይመጽእ፡ ካብ፡ ነባሪ፡ ሐጎስ፡
ናይ፡ ወርቂ፡ ዝፋን፡ ገዲፉ፥
ክንሱ፡ ሰማያዊ፡ ንጉስ፡
አብ፡ ደምበ፡ ምስ፡ ማል፡ አንጸፉ።
ተሐጎሲ፥
እልልታ፡ ንኡ፡ አቕርቢ፥
ተሐጎሲ፥
ንምላኽ፡ ስብሐት፡ አቕርቢ።

፫፡ መስዋእቲ፡ ኪኽውን ይመጽእ፥
ስሌኺ፡ ብሞት፡ ርጉማት፥
ነቲ፡ ኹኑን፡ ዐለም፡ ከውጽእ፡

ካብ፡ ፍርዲ፡ ገሀነም፡ እሳት።
ተሐጎሲ፥
እልልታ፡ ንኡ፡ አቕርቢ፥
ተሐጎሲ፥
ንእምላኽ፡ ስብሓት፡ አቕርቢ።

፬፡ ካብ፡ መቕበር፥ ምስ፡ ምርኮ፡ ይትንስእ፡
የብርሀ፡ ናይ፡ ጸልማት፡ መኻን፥
ብሞት፡ ንተዋሕጡ፡ የውጽእ፡
ናብ፡ ህይወት፡ ግደ፡ ብጽዓን።
ተሐጎሲ፥
እልልታ፥ ንኡ፡ አቕርቢ፥
ተሐጎሲ፥
ንእምላኽ፡ ስብሓት፡ አቕርቢ።

፭፡ ይመጽእ፥ ናብ፡ ሕዙናት፡ ልቢ፡
ንህይወት፡ ብርሃን፡ የልብሶ፡
ይመጽእ፡ ኪነግስ፡ ብሐይሊ፥
ክፍአት፡ ዘበለ፥ የልግሶ፡
ተሐጎሲ፥
እልልታ፡ ንኡ፡ አቕርቢ፥
ተሐጎሲ፥
ንእምላኽ፡ ስብሓት፡ አቕርቢ።

(Missionsförb. sångb. 28.)

## ፹፡

፩፡ ነቲ፡ ዘይውሱን፡ ፍቕሪ፡ የሱስ፡
ብዝማሬ፡ ንሀብ፡ ስብሓት፤
ክነሱ፡ ሰማያዊ፡ ንጉስ፡
በጽሒ፡ ስሌና፡ ናብ፡ ሙማት።
ንእኻ፥ ዎ፡ ፈቃር፡ ጎይታና፥
ንህብ፡ ናይ፡ ልብና፡ ምስጋና።

፪፡ አብ፡ ኩሉ፡ ምድርን፡ አብ፡ ሰማይኒ፡
ነይርክብ፡ ዘፍቀረ፡ ኸምኡ፤
እቲ፡ ለዋህ፡ እሙን፡ መድሐኒ፡
የፍቅር፡ ንዘለአለሙ።
ንእኻ፥ ዎ፡ ፈቃር፡ ጎይታና፡
ንህብ፡ ናይ፡ ልብና፡ ምስጋና።

፫፡ ባሮት፡ ሐጥያት፡ ብፍጹም፡ ልቢ፡
ምሕሳብ፡ እንተ፡ ዝጀምሩ፡
የሱስ፡ ምድሐኖም፡ ከም፡ ዚደሊ፡
ንሳቶምውን፡ ምዘመሩ፤
ንእኻ፥ ዎ፡ ፈቃር፡ ጎይታና፡
ንህብ፡ ናይ፡ ልብና፡ ምስጋና።

፬፡ ናትካ፡ ምኧን፡ ጥራይ፡ እፈቱ፥
ብህይወት፡ ክነ፡ ወይ፡ ብሞት፥

አብ፡ ልበይ፣ ፍቕርኻ፡ ኪአቱ፡
አበርትዐለይ፡ ሀይማኖት።
ስለ፡ ምድሐንካ፡ ዎ፡ ጎይታና፡
ምስ፡ ቅዱሳን፡ ክሀብ፡ ምስጋና።

(S. T. 91.)

---

፹፩፡

፩፡ ናይ፡ አምላኽ፡ ወንጌል፡ ይዝርጋሕ፣
አብ፡ ዝኸዶ፣ ይሰልሖ፡
ተንኰል፡ ምስ፡ ሐሶት፡ ይሀድም፡
ብስልጣኑ፡ የፍርሆ።

፪፡ ንአህዛብ፡ ከአ፡ ይዕድል፡
ሐቅን፡ ጸጋን፡ ይቕሬታን።
ክብሪ፡ ንአምላኽ፡ ይዝምሩ፡
ስለ፡ ዝሀቦም፡ ምድሐን።

፫፡ ብብርሃን፡ ሐቀኛ፡ ቓሉ፡
ይስዕር፡ ምልኪ፣ ጸልማት፡
ንነፍሳት፡ ከአ፡ ይፈትሕ፣
ካብቲ፡ ማእሰርቲ፡ ሐጢአት።

፬፡ አብ፡ ብዘላ፡ እዛ፡ ዐለም፡
የሱስ፡ ሽም፡ ኪምሀለሉ፡

ሐቂ፡ ገንዘብም፡ ኪኸውን፡
ንኣምላኽ፡ ከገልግሉ።

(S T. 304)

---

## ፹፱፡

፩፡ ም፡ ቅዱስ፡ ኣቦ፡
ንዐ፡ ተገለጸልና፡
ንሐይሊ፡ ቓልካ፡
ልቢ፡ ኽፈተልና።
ካብ፡ እንደልዮ፡
ኣዕዚዝካ፡ ትህበና፡
ኣምላኽ፡ ስምዐና።

፪፡ የሱስ፡ ስሌና፡
መሪር፡ ሞት፡ ዝሞትካ፡
ንድኹም፡ እምነት፡
ኣጽንዕ፡ ብፍ፡ቶትካ።
ኩሉ፡ ነማዕቁብ፡
ኣብ፡ ጥዑም፡ ሐልዮትካ፡
የሱስ፡ ርድኣና።

፫፡ ም፡ መንፈስ፡ ቅዱስ፡
ንዐ፡ ምራሕ፡ ናብ፡ ሐቂ፡
ኣብ፡ ልዕሌና፡ ኹን፡

ሰማያዊ፡ ርግቢ፤
ቀድሶ፥ ባርኸ፡
ንዚጽሊ፡ ልቢ።
ፈጽሞ፡ አሜን።

(S. T. 201. 628.)

---

## ፹፫፡

፩፡ ነፍሰይ፡ ንአምላኽ፡ ምልኪ፡ ሀቢ፥
ተስፋ፡ ብአቦኺ፡ ግዝኢ።
አብ፡ ኵሉ፡ ጭንቀትኒ፡ ሐሳርኒ፡
ረድኤት፡ ካብኡ፥ ኽትቅበሊ።
ዚምዕቆብ፡ ንፈጣሪኡ፡
አብ፡ ሑጻ፡ ነይሰርሐ፡ ቤቱ።

፪፡ ጊዜ፡ ምህዳእ፡ ይሐስቦ፡ ባዕሉ፥
ዚሐይሽ፡ ይምህዝ፡ ንሱ።
ብእምነትውን፡ ዚልመን፡ ኵሉ፡
ናብኡ፡ ይበጽሕ፡ ቀልጢፉ።
ብዘይተሐስበ፡ ድማኢ፡
ይመጽእ፡ ካይኑ፡ ረዳኢ።

፫፡ ሐሳርካ፡ እኳ፡ እንተ፡ ዐበ፡
አይምሰልካ፡ ዝረስዔ፤
አብ፡ ክንዲ፡ ሐዘን፡ ደስታ፡ ሀበ፡

ነቲ፡ ናብኡ፡ ዝተጸግዔ።
ፍለጥ፡ ይልወጥ፡ ዘበናት፡
ከምኡውን፡ ኵሉ፡ ኹናታት።

፪፡ ንጎይታ፡ ቐሊል፡ ነገር፡ ኢዩ፡
ምሀብ፡ ንሽጉር፡ ጸግኡ፡
ሀብታም፡ ከአ፡ የድኪ፡ ንሱ፡
ክብ፡ ለጠቕውን፡ ኢዩ፡ ኻብኡ።
ልዑል፡ አምላኽ፡ መንክር፡ ግብሩ፡
የደንቕ፡ ኢዩ፡ ስርሑ።

፫፡ መገዱ፡ ኺድ፡ ብዝመርሐካ፡
ተጊህካ፡ ፈጽም፡ መዝኻ።
ተአመን፡ አዚኻ፡ ብጎይታ፡
ምእታው፡ ሰማይ፡ ግበር፡ ተስፋ።
ንቓል፡ አምላኽ፡ ዚኽተሎ፡
ብጹዕ፡ ምኺኑ፡ ነይተርፎ።
(S. T. 505. 506.)

---

፹፬፡

፩፡ መድሕኒየይ፡ ከመይ፡
ኢሉ፡ ኽመስግነካ፡
መግባ፡ ንነፍሰይ፡
ብስጋኻ፡ ብደምካ።

ንህይወተይ፡ አጥልል፡
ብጺጋኻ፡ ዝናብ፡
ኅሂ፡ ልበይ፡ አቕልል፡
ናባኻ፡ ብምቕራብ።

፪፡ ዝኸበደ፡ ዕዳይ፡
ብሞትካ፡ አርሐቕካዮ፡
ብፍቕርኻ፡ ንአይ፡
ምድሓንካ፡ ገለጽካዮ።
ንድኹም፡ እምነተይ፡
አበርትዕ፡ መሊኸካ፡
ዝሐመቐት፡ ነፍሰይ፡
አጽንዕ፡ ብተስፋኻ።

፫፡ ዎ፡ ብሩኽ፡ መድሐኒየይ፡
ዎ፡ ሰማያዊ፡ ማና፡
ንኹሉ፡ ንብረተይ፡
ንወርትግ፡ ኩኖ፡ ዋና።
ምሳይ፡ ካብ፡ ዘሎኻ፡
ርግጽ፡ ብጼሰ፡ ኢዩ፡
እንተ፡ ሞትኩ፡ ኸአ፡
እድሕን፡ የሱስ፡ ሕጊ።

(S. T. 481.)

፹፫፡

፩፡ የሱስ፡ ክርስቶስ፡ ኵሉ፡ ጽድቀይ፥
ተስፋይ፥ ሐጎሰይ፥ ኢኻ።
ምሕረትካ፡ ይብጻሕ፡ ንልበይ፡
ብምኡዝ፡ ጥዑም፡ ቃልካ።
ኩን፡ ምሳይ፥ መድሐኒየይ፥
ቀድሶ፡ ንንብረተይ።

፪፡ ብሽምካ፡ አጀምረኒ፥
ነቲ፡ አነ፡ ዝገብሮ፥
በረኸትካ፡ ኺመጸኒ፥
ብደሐን፡ ክፍጽሞ።
ኩን፡ ምሳይ፥ መድሐኒየይ፥
ቀድሶ፡ ንንብረተይ።

፫፡ ሐሳበይኒ፡ ዘረባይኒ፥
ናብ፡ ፍቓድካ፡ በድሎ፥
ንዘለአለም፥ ዚጠቕመኒ፡
ብትግሃት፡ ክናድዮ።
ኩን፥ ምሳይ፡ መድሐኒየይ፥
ቀድሶ፡ ንንብረተይ።

፬፡ ንምድቃስ፡ ምስ፡ ዝግብሰስ፡
ተኸናኸን፡ ንነፍሰይ፥

ምስ፡ ተንሳእኩውን፡ ክውድስ፡
ንለዋህ፡ አማንየይ።
ኩን፡ ምሳይ፡ መድሐንየይ፡
ቀድሶ፡ ንንብረተይ።

፫፡ ምስ፡ አብጻሕኩ፡ ዕለታተይ፡
አዕርፈኒ፡ ብደሐን፤
አእትወኒ፤ ዎ፡ አምላኽይ፤
አብቲ፡ መንግስቲ፡ ብርሃን።
ኩን፡ ምሳይ፡ መድሐንየይ፡
ቀድሶ፡ ንንብረተይ።

(S. T. 492.)

---

፹፯፡

፩፡ ዎ፡ አምላኽ፡ መዝገብ፡ ሐቂ፡
እአምን፡ ብቓልካ።
አብ፡ ምድርን፡ አብ፡ ሰማይኒ፡
የናብር፡ ተስፋ'ኻ፤
ብመከራ፡ ጸውዐኒ፡
ትርዳእውን፡ ካባይ።
ብህይወትኒ፡ ብሞትኒ፡
እምህለል፡ ናብ፡ ጎይታይ።

፪፡ የዝሕል፡ ንቓንዛ፡ ነፍሰይ፡
ብጸጋኻ፡ ምምዓል፥
ደስ፡ የብሎ፡ ንልበይ፡
ትእዛዝካ፡ ምኽታል።
ጸሎት፡ ምስ፡ መሀርካኒ፡
ብየሱስ፡ ክርስቶስ፡ ሽም፡
ጽኑዕ፡ ተስፋ፡ ሀብካኒ፥
ዚህደሞ፡ ገዳም።

፫፡ ልበይ፡ ዚደልዮ፡ ኹሉ፡
ትርእዮ፡ ንስኻ፡
እነ፡ ዝጥቀመሉ፡
ትፍጽሞ፡ ኢኻ።
ሽጋር፡ ምስ፡ በርትዐኒ፡
ይቐርብ፡ ሐገዝካ፡
ንአይ፡ ነይጠፍአኒ፡
ኳሄይ፡ ከም፡ ዝጾርካ።

፬፡ ክለቶ፡ አይክእልኒ፡
’ቲ፡ ሐዴ፡ እሙንቶይ፥
የልቦን፡ ዚኽልክለኒ፡
ምልማን፡ ናብ፡ አቦይ።
ጥርጣሬ፡ የልግሰለይ፡

ጥፍኣት፣ ዝአቴቱ፥
ኣይፍለን፡ ካብ፡ ኣምላኸይ፣
በርከት፡ ከይረኸብኩ።

(S. T. 510.)

---

፳፪፤

፩፡ ምጻእ፡ ናባና፥ ዎ፡ የሱስ፡
ክህወልና፡ መንፈስ፡ ቅዱስ፥
ናይ፡ ልብና፡ ጸሎት፡ ስማዕ፥
መገዲ፡ ህይወትውን፡ ምራሕ።

፪፡ ኣፍና፡ ንኸብርኻ፡ ኽፈት፥
ንእና፡ ጸጋኻ፡ ኽሰት፥
ሀበና፡ መንፈስ፡ ምስትውዓል፡
ቅዱስ፡ ቃልካ፡ ንምቕባል።

፫፡ ክሳዕ፡ ንዝምር፡ ሐቢርና፣
ቅዱስ፥ ቅዱስ፥ ቅዱስ፡ ኢልና፣
ንእኻ፡ ዎ፡ ኣቦ፡ ብርሃን፥
ተጸምቢርና፡ ምስ፡ ብጹኣን።

(S. T. 449.)

---

## ፹፫፡

፩፡ ተመስገን፡ ዎ፡ መድሐኒና፡
ስለቲ፣ ደምካ፡ ዘፍሰስካ፤
ካብ፣ ተንኰል፣ ሰይጣን፡ ካብ፡ ጸልማት፡
አቴትካ፡ ኸንና፡ ድሑናት።

፪፡ ንልምንካ፡ እምላኽና፡
ክትሰብር፡ መቑሕ፡ ሐጢአትና፤
ባልሐናውን፣ ካብ፣ ኵናን፤
አድሕን፡ ካብ፡ ጽበት፣ ዘበለ።

፫፡ ርድአና፡ ኻብ፡ ጉድኣት፣ ሐጢአት፤
ምስ፡ እንፍተን፡ ሀብ፡ ጽንዓት፤
ብሐይሊ፡ ቅዱስ፡ መንፈስካ፣
ከይብርትዐና፡ ገድልና።

፬፡ ዎ፣ የሱስ፤ ፈቃር፡ ሐውና፤
ምምባር፡ ምሳና፡ ፈቶኻ፤
ካብዚ፡ ኽንሳገር፡ ናብ፡ ሰማይ፡
ምርሐና፡ ባዕልኻ፣ ኀይታይ።

(S. T. 449. 459.

## ፹፱፡

፩፡ ግዝአትካ፡ የሱስ፣ ጠቕሊሉ፡
ጽሓይ፣ ዝበረቐቶ፥
ምንጋስካ፡ ነባሪ፡ ኢዩ፡
ኪጠፍእ፣ ሎሚ፡ ዘሎ።
ንሽምካ፡ ህዝቢ፣ የኽብሩ፥
ንመስቀልካ፡ ይግዝኡ፡
ገዛእቲ፡ ኹሉ፡ ምድሪ።

፪፡ ሕጻን፣ ናብ፡ የሱስ፣ ነቕርቦ፥
ናብኡ፡ ብሞት፡ ንህድም፤
ብጂክኡ፡ ምድሓን፡ ኔልቦ፡
እብዛ፡ ርሕብቲ፡ ሀለም።
ድኻም፡ ከነ፡ ሕማም፣ ከነ፣
ጓሂ፡ ምሒር፡ ምስ፡ ገነነ፣
ተስፋ፣ ኻብኡ፡ ንረክብ።

፫፡ ምሳና፡ ኹን፡ መድሓኒና፡
ብህይወትኒ፣ ብሞትኒ፥
ብመንፈስካ፡ ናብ፡ ልብና፡
ኣሎ፡ ፍቕርን፡ ሰላምኒ።
ንቅዱስ፡ ውግእ፣ ሓይሊ፡ ሀብ፡

ክይንስእን፡ ምድሐን፡ ምርካብ፣
ኪፍረድ፡ ከሎ፣ ዐለም።

(S. T. 4. 441.)

---

፺፡

፩፡ ብዚ፡ ሐላፊ፡ ዘበነይ፡
ስለምንታይ፡ እፈርህ፡
እቲ፡ ሕያዋይ፡ ሐላውየይ፣
ንስጓመይ፣ ይመርሕ።
በጃ፡ ንህዝቢ፡ ሐሊፉ፡
ዕለት፡ ዕለት፡ ብመንፈሱ፡
ኣብ፡ ማእከልና፡ ይነብር።

፪፡ ድሁይ፡ ሰማዒ፡ ኾእ፡
እኸይድ፡ ናብ፡ ዘለኒ።
ንበጊዑ፡ የለልያ፡
እቲ፡ እሙን፡ ሐላዊ።
የናድየን፡ ንጥፉኣት፡
ይጸውርውን፡ ንድኹማት፡
የተንስእ፡ ንዚወድቁ።

፫፡ ይምግበኒ፡ ድማኢ፡
ብሰማያዊ፡ ማና፡

ክስዕር፡ ናይ፡ ነፍሰይ፡ ጸላኢ፡
ክመልእ፡ ብምስጋና።
መገደይ፡ እንተ፡ ጸልመተ፡
ካብኡ፡ እንተ፡ ዘይአልጊሸ፡
ጥፍኣት፡ አየርክበንን።

፬፡ ም፡ የሱስ፡ ኢልካ፡ ንስኻ፡
"እሕሉ፡ ንጥሪተይ።"
ክትሕልወኒ፡ ባዕልኻ፡
ካብ፡ ወድረኛ፡ ነፍሰይ።
ርድአኒውን፡ ከይፍለዮም፡
መንፈስ፡ ቅዱስ፡ ንዚመርሖም፡
ናብ፡ ሰማያዊ፡ ሀገር።

(S. T. 442.)

---

፺፩፡

፩፡ ቃልካ፡ ብጓህን ጸበባን፡
ንህዝብኻ፡ ይሀብ፡ ብርሃን።
አድሕን፡ ጎይታ፡ ኻብ፡ ዘይምእማን፡
ሐሉ፡ ንቤተ፡ ክርስቲያን።
፪፡ ይሐልወና፡ ኻብ፡ ጉድኣት፡
የብርሀ፡ ናይ፡ ልብና፡ ጸልማት፡

ካብዚ፡ ድኽነት፡ ካብ፡ ብኽያት፡
ይምራሕ፡ መገዲ፡ ሰማያት።

(S. T. 460.)

---

፺፱፡

፩፡ እምላኽ፡ ብመንፈስካ፡
ምርሐዮም፡ ነዞም፡ ክልተ፥
ኪነብሩ፡ ብአኻ፡
አንድነቶም፡ ከይፍንተ።
ሕሰም፡ ከነ፡ ቅዶት፥
ፍቓድካ፡ ዘበለ፥
ኪጸሩ፡ ብፍቶት፡
ካባኻ፡ ዝመጸ።

፪፡ ዎ፣ እምላኽ፡ መርቆ፥
ነዚ፣ ኪዳን፡ አሕዋትና፥
ብፍቕሪ፡ አምቆ፡
ኪሀንጽዎ፡ ብአኻ።
ኪዳኖም፡ ድማኢ፥
ብሞት፡ ምስ፡ ፈረሰ፡
አብ፡ ናትካ፡ መንግስቲ፡
ድሌቶም፡ ሞጕሶ።

(S. T. 511.)

---

## ፺፫፡

፩፡ ምስቲ፡ ኸባዲ፡ በደለይ፡
ናበይ፡ ክኸይድ፡ አምላኸይ፡
ንልበይ፣ ሐዘን፡ መልአ።
ትእዛዝካ፡ ኹሉ፡ አፍርሸ፡
ነዊሕ፣ ካባኻ፡ አልጊሸ፡
ዘልአለም፡ ሞት፡ እፈርሀ።
ንልበይ፣ ጣዕሳ፡ ሰበሮ፡
በቲ፡ ኽፉእ፡ ዝገበሮ።
ዎ፣ ጎይታይ፡ አድሕነኒ፡
ንአይ፡ ሸጉር፡ ስምዐኒ።።

፪፡ ዎ፡ የሱስ፡ ናባኻ፣ እርኢ፡
ኢደይ፡ ናብ፡ ላዕሊ፡ ድማኢ፡
ንምልማን፡ ኤልዕሎ።
ተቐበሎ፡ ነፍሰይ፡ ጥዑስ፡
አጽሪ፡ ኸአ፡ ንአይ፡ ርኹስ፡
ብጸጋኻ፡ ኽሕሎ።
ጥፍእቲ በጊዕ፡ ነበርኩ፡
ብአኻ፣ ግን፡ ተረኸብኩ።።
አብ፡ ኢድካውን፣ ጹረኒ፡
ናብ፡ ቤትካ፡ አብጽሐኒ።

፫፡ ቃልካ፡ ኀይታይ፡ ክንደይ፣ ግሩም፥
ንጥዕና፡ ነፍሰይውን፡ ጥዑም፥
ክቕበሎ፣ እደሊ።
ናብ፡ ዐለም፡ የሱስ፡ መጺኡ፥
ሐጢኣትና፣ ኵሉ፡ ኣጥፊኡ፥
ንጥፉኣት፡ የናዲ።
ዎ፣ ጸጋዊ፡ ወንጌል፣ ድሀይ፥
ከምቲ፡ ኸታሪውን፡ ንኣይ፣
ኣብ፡ ገነት፡ ኣእትወኒ፥
ብሐጎስ፡ ኣምብረረኒ።

(S. T. 488.)

---

## ፺፬፡

፩፡ ቤትካ፡ ዎ፡ ኣምላኸይ፡
ደስ፡ የብል፡ ንልበይ፥
ነፍሰይ፡ ኣብኡ፣ ትምገብ፡
ብሰማያዊ፡ ቐለብ፡
ተመስግነካ፡ ድማ፡
ብምሕረት፡ ዝሀብካያ።

፪፡ ንነፍሰይ፡ ዊን፡ ይብላ፡
ተሐጕሻ፡ ኸኣ፡

ናብ፡ መቕደስካ፡ ትግስግስ፡
ብጸጋኻ፡ ኽትከስኵስ፣
ክትሰምዕ፡ ናትካ፡ ምኽሪ፣
ክትመውቕውን፡ ብፍቕሪ።

፫፡ ከም፡ ነፈርቲ፡ አዕዋፍ፡
ብዐቢ፡ ምቕልጣፍ፡
ናብ፡ እንድኤን፡ ዚሀድማ፡
ሀድአት፡ አብኡ፡ ኺረኽባ፡
ነፍሰይ፡ ከምኡ፡ ትስፍልል፣
አብ፡ ቤትካ፡ ክተጽልል።

፬፡ ኀይታይ፡ ቃለይ፡ ስማዕ፣
ኵነኒ፡ ምጽጋዕ።
ንፍቕርን፡ ጸጋን፡ አብዝሕ፣
ልበይ፡ ብኡ፡ ኺገፍሕ።
መንግስትኻ፡ አዐምር፣
ክፉእ፡ ካባይ፡ አባርር።

፭፡ ንአኻ፡ ምግልጋል፣
ፍቓድካ፡ ምኽታል፡
እዚ፡ ንአይ፡ ደስ፡ የብል፡
ካብ፡ ዐለማዊ፡ ዕድል።
ምድላይ፡ አስተምህረኒ፡
ንወትርግ፡ ዚጠቕመኒ።

፮፡ ብዛሕሊ፡ ሙቖ·ተይ፡
ብውግውን፡ ጸግዔይ፡
መድሓኒየይ፡ ካብ፡ ጭንቀት፡
ዚውስኸኒ፡ እምነት።
ም፡ የሱስ፡ ሞጒሰኒ፡
ብጽዕና፡ ዐድለኒ።

(S. T. 441. 522.)

---

## ፺፫፡

፩፡ ም፡ የሱስ፡ ተአኪብና፡
ቕዱስ፡ ቃልካ፡ ኽንንብብ።
ቐረበና፡ ንስኻ፡
ሐሳብና፡ ናባኻ፡ አክብ፡
ተፈላሊዩ፡ ካብ፡ ምድሪ፡
ኪስሐብ፡ ካብዚ፡ ናብ፡ ላዕሊ።

፪፡ ሰሙት፡ ኢዩ፡ ልብና፡
ነፍስና፡ ጸላም፡ ይኽድኖ፡
እቲ፡ ቕዱስ፡ መንፈስካ፡
ናብ፡ ብርሃን፡ እንተዘይ፡ መርሐ።
የሱስ፡ መንፈስካ፡ ሀበና፡
ሐዲሽ፡ ልቢ፡ ፍጠረልና።

፫፡ ዎ፡ ጽሩይ፡ ክቡር፡ ብርሃን፣
ኣብ፡ ኣምላኽ፡ ዝሰደደልና፣
ካብ፡ ጸልማት፡ ካብ፡ ዘይምእማን፡
ፍጹም፡ ሐራ፡ ኣውጺኣና።
ሐግዘና፡ ንምሐዙ፣
ኣኽእለና፡ ንምግባሩ።

( S. T. 524. )

---

፺፯፡

፩፡ መንፈስ፡ ቅዱስ፡ ኣብ፡ ውሽጠይ፡ ኩን፣
ምግባር፡ ቃልካ፡ ኽኸን፡ ፍጡን።
ምዝሐለይውን፡ ኣዋሳውስ፣
ፍቓድ፡ ልበይ፡ ግበር፡ ሕዱስ።
ብሰማያዊ፡ ሐይልኻ፡
ነፍሰይ፣ ስጋይ፡ ኣጽሪ፡ ኢኻ፣
መገዲ፡ ህይወት፡ ብምኻድ፡
ክዝምር፡ ብሕጉስ፡ ፍቓድ፤
ሀሌ፡ ሉያ፣ ሀሌ፡ ሉያ።

፪፡ መሀርየይ፣ ቅዱስ፡ ብርሃን፣
ኣስተምህረኒ፡ ኹሉ፡ እዋን፡
ንኣብኒ፡ ወልድን፡ ንምፍላጥ፣

አልግሶ፡ ናይ፡ ልበይ፣ ጸልማት።
ንአይ፡ ግለጽ፡ ፍቓድ፡ አምላኽ፣
ሐሳዊ፡ ትምህርቲ፡ ይርሓቕ።
ነቲ፡ ጽኑዕ፡ ሐቀኛ፡ ቓል፡
ደስ፡ የብለኒ፡ ምኽታል፤
ሀሌ፡ ሉያ፤ ሀሌ፡ ሉያ፡፣

፫፡ ቅዱስ፡ ሀልሀልታ፡ ፍቕርኻ፡
አንድድ፡ አብ፡ ልቢ፡ ኵልና፤
ሀበና፡ ተስፋን፡ ሐጎስኒ፡
ብጸበባን፡ ብሽጋርኒ።
ብዚ፡መጸና፡ ፈተና፡
መጽግዕ፡ ኩንና፡ ንስኻ፡
አብዚ፡ ኽንዋጋእ፡ ብትብዓት፡
መታን፡ ክንአቱ፡ ሰማያት፤
ሀሌ፡ ሉያ፤ ሀሌ፡ ሉያ፤

( S. T. 475. )

---

፺፯፡

፩፡ ናይ፣ ጽዮን፡ እሱራት፡ ምስ፡ ፈትሒ፤
ከም፡ ሐለምቲ፡ ኢና፡ ንሕና፡ ሽዑ፤ ጎይታ፤
አፍና፡ መልኤ፡ ብሐጎስ፡ ብእልልታ፤

ጸላእትና፡ ይድርበዩ፡ ኻብኡ።
ቃልካ፡ አልዒልካ፡ ወድሶ፡ ብሐይሊ፥
ብዝማሬ፡ ንንጉስካ፡ አብ፡ ላዕሊ፥
ንሱ፡ ናይ፡ ጽዮን፡ እሱራት፡ ኪፈትሖ፥
ከም፡ ሐለምቲ፡ ኢና፡ ንሕና፡ ሽዑ።

፪፡ እቶም፡ እና፡ ነብዑ፡ ዘርኦም፡ ዚዘርኡ፥
ተሐጒሶም፡ ይዐጽዱ፡ ንዳሕራይ፤
እንድአውቶምውን፡ ብሰላም፡ ይጠምሩ፥
ይረኽቡ፡ ዐስቢ፡ ኻብ፡ ንጉስ፡ ሰማይ።
ቃልካ፡ አልዒልካ፡ ወድሶ፡ ብሐይሊ፥
ብዝማሬ፡ ንንጉስካ፡ አብ፡ ላዕሊ፤
ንሱ፡ ናይ፡ ጽዮን፡ እሱራት፡ ኪፈትሖ፥
ከም፡ ሐለምቲ፡ ኢና፡ ንሕና፡ ሽዑ።

፫፡ መዝሙር፡ ታሕጓስ፡ የድምቑ፡ ብሐቂ፥
አምላኽ፡ ዘገርም፡ ነገር፡ ካብ፡ ዝገበረ፤
ረድኦም፡ ካብ፡ ኵሉ፡ ጭንቀቶም፡ ብጽድ
ንህዝቡ፡ ደጌ፡ ሳሌም፡ ከፈተ። ቂ፥
ቃልካ፡ አልዒልካ፡ ወድሶ፡ ብሐይሊ፥
ብዝማሬ፡ ንንጉስካ፡ አብ፡ ላዕሊ፤
ንሱ፡ ናይ፡ ጽዮን፡ እሱራት፡ ኪፈትሖ፥
ከም፡ ሐለምቲ፡ ኢና፡ ንሕና፡ ሽዑ።

(Missionsförb. sångb. 691.)

## ፺፫፡

፩፡ ካብ፡ ሽጋር፣ ዐለም፡ ክብ፡ ዘለ፤
ርሑቕ፡ ካብ፣ ጭንቀት፡ ዘበለ፤
ታሕንስ፡ ብጽዕና፡ ዘለዎ፡
ንኡ፡ ልበይ፡ ይናፍቕ።
ክነብር፡ አብኡ፤
አብቲ፡ ተድልኡ፤
አብቲ፡ ሀገር ሰላም፡ ድሑናት፡ ደስ፡
ይብሎ።
ብቕድስና፡ የኽብሩዎ፤
ንኡ፡ ልበይ፡ ይናፍቕ።

፪፡ አብኡ፡ ማይ፣ ህይወት፣ ጕራፊ፡
ንገነት፡ አምላኽ፡ መልምዒ፤
ጎይታ፡ ብርሃኑ፣ ዘብርቕ፤
ንኡ፣ ልበይ፣ ይናፍቕ።
ክነብር፡ አብኡ፤
አብቲ፡ ተድልኡ፤
አብቲ፡ ሀገር፡ ሰላም፡ ድሑናት፡ ደስ፡
ይብሎ።
ብቕድስና፡ የኽብሩዎ፤
ንኡ፡ ልበይ፡ ይናፍቕ።

፫፡ ናብቲ፡ ኻብ፡ ጸልማት፡ ዘልገሰ፡
ናብ፡ ብሐጢአት፡ ዘይረኽሰ፡
ናብ፡ ፈተና፡ ዘየርከቦ፡
ንእ፡ ልበይ፡ ይናፍቖ።
ክነብር፡ አብኡ፡
አብቲ፡ ተድልኡ፡
አብቲ፡ ሀገር፡ ሰላም፡ ድሑናት፡ ደስ፡
ይብሉ።
ብቕድስና፡ የኽብሩዎ፡
ንእ፡ ልበይ፡ ይናፍቖ።

(Hemlandstoner 384.)

---

## ፺፱፡

፩፡ ካብዛ፡ ምድሪ፡ ናብ፡ ሀገር፡ ሰማይ፡
ብምእማን፡ እርኢ፡ አሎኹ፡
ሐደ፡ ቤት፡ እተሐብኤ፡ ኻባይ፡
የሱስ፡ ክርስቶስ፡ ሰርሐለይ፡ አብኡ።
ድሕሪ፡ ሐጺር፡ ግዜ፡
ክንራኸብ፡ ኢና፡ አብ፡ ሰማይ፡
ድሕሪ፡ ሐጺር፡ ግዜ፡
ክንራኸብ፡ ኢና፡ አብ፡ ሰማይ።

፪፡ ንሕናውን፡ አብቲ፣ ሀገር፡ ብርሃን፣
ካብ፡ መዋቲ፡ ስጋ፡ መሊቀኑ፡
ደስ፡ ከንብሎ፡ ምስ፡ ብጽዓን፡
ካብ፡ ድኻም፣ ካብ፡ ስቓይ፡ ሀዲምና።
ድሕሪ፡ ሐጺር፡ ግዜ፡
ክንራኸብ፡ ኢና፡ አብ፡ ሰማይ፣
ድሕሪ፡ ሐጺር፡ ግዜ፡
ክንራኸብ፡ ኢና፡ አብ፡ ሰማይ።

፫፡ ንፈቃር፡ ንኽቡር፡ አቦና፡
ናይ፡ ምስጋና፡ መዋቲ፡ ነቕርብ፡
በቲ፡ ናቱ፡ ህያብ፡ ጸጋና፡
አብ፡ ጸጽባሕ፡ ብፍቕሩ፡ ዚህብ።
ድሕሪ፡ ሐጺር፡ ግዜ፡
ክንራኸብ፡ ኢና፡ አብ፡ ሰማይ፣
ድሕሪ፡ ሐጺር፡ ግዜ፡
ክንራኸብ፡ ኢና፡ አብ፡ ሰማይ።

( S· T. 723 )

---

፻፡

፩፡ ነፍሰይ፡ አኽብርዮ፡ ንጎይታ፣
ጽቡቕ፡ ግብሩ፡ አይተቐልሊ።

በደልኪ፡ ይሐድገልኪ፡ ድማ፡
ይፍውስ፡ ንጎደሎኺ።
ነፍሰይ፡ ነፍሰይ፡
ንጎይታ፡ ስገዲ፡
አድህዩ፡ አድህዩ፡
ንእምላኽ፡ ዘምሪ።

፱፡ ትኽለሊ፡ ድማ፡ ብጸጋ፡
ረዳትኪ፡ ኻብ፡ ኵሉ፡ ጥፍኣት፡
ከአሊ፡ ኢዩ፡ እሞ፡ ጎይታ፡
የናግሮም፡ ንግፉዓት።
ነፍሰይ፡ ነፍሰይ፡
ንጎይታ፡ ስገዲ፡
አድህዩ፡ አድህዩ፡
ንእምላኽ፡ ዘምሪ።

፲፡ ሰማይ፡ ከም፡ ዚብርኽ፡ ካብ፡ ምድሪ፡
ለውሃቱ፡ የብዝሕ፡ ከምኡ።
ሽሙ፡ ንዚፈርሁ፡ ብፍቕሪ፡
ንእም፡ ይህቦ፡ ጸግኡ።
ነፍሰይ፡ ነፍሰይ፡
ንጎይታ፡ ስገዲ፡
አድህዩ፡ አድህዩ፡
ንእምላኽ፡ ዘምሪ።

፬፡ ምብራቕ፡ ካብ፡ ምዕራብ፡ ከም፡ ዝርሐቐ፣
ሐጢአትና፡ የልግስ፡ ከምኡ፤
ይፈልጥ፡ መሬት፡ ክም፡ ዝኾንና፣
አይፈቱን፡ ሰባት፡ ኪጠፍኡ።
ነፍሰይ፡ ነፍሰይ፡
ንጎይታ፡ ስገዲ፣
አድህዪ፣ አድህዪ፡
ንአምላኽ፡ ዘምሪ።

፭፡ ከም፡ አቦ፡ ንደቁ፡ ዚድንግጽ፡
ሰማያዊ፡ አቦናውን፡
ብኡ፡ ንዚእመኑ፡ ኵሎም፡
ብዐቢ፡ ለውሃቱ፡ የድሕን።
ነፍሰይ፥ ነፍሰይ፡
ንጎይታ፡ ስገዲ፡
አድህዪ፥ አድህዪ፡
ንአምላኽ፡ ዘምሪ።

፮፡ መላእኽቱ፡ ስብሐት፡ አቕርቡሉ፣
አቱም፡ ሐያላት፡ ጅግናታት፣
ንኡ፡ አኽብሩ፡ ፍጥረት፡ ኵሉ፡
ንበይኑ፡ ይግባእ፡ ስብሐት።
ነፍሰይ፥ ነፍሰይ፡
ንጎይታ፡ ስገዲ፥

ኣድህዩ፡ ኣድህዩ፡
ንእምላኽ፡ ዘምሪ።

( S. T. 796. )

---

## ፻፩፡

፩፡ በጊዕ፡ ኣምላኽ፡ ስዉእ፡
ክብርን፡ ሀብትን፡ ጥበብኒ፣
ሓይልን፡ ግርማንውን፡
ንኡ፡ ይግባእ፡ ኢዩ።
ምስጋናን፡ ክብርን፡ ናቱ፡ ኢዩ፣
ኣ ሜ ን ።

( S. T. 801. )

Kungl. biblioteket, Stockholm
50001 000 465 908

books2ebooks.eu

www.books2ebooks.eu

books2ebooks.eu
Kungliga Biblioteket
National Library of Sweden